# ሕብረተሰብ ዝመርሖ ዝተሳለጠፕሮጀክት ዋሽ/ኮዋሽ/

ኣብ 3ይ ምዕራፍ ኮዋሽመምርሒ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ ዝመርሕኦ ደቀቕትን ኣናእሽተይን ንግዲ ትካላት

/ካብ ነሓሰ 2008 ክሳብ ሓምለ 2011 ዓ/ም/

ሓምለ 2009

ኣዲስ ኣበባ

/ናይ መወዳእታ ፅሑፍ/

# መምርሒ ደቂ ኣንስትዮ ዝመርሐኦ ልምዓት ደቀ'ቅትን ኣናእሽተይን

# ንግዲ ትካላት ኣብ 3ይ ምዕራፍ ኮዋሽ

ትሕዝቶ


መእተዊ ........ 9

ድሕረ ባይታ ........ 9

1.2 ዕላማ፣ፋይዳ፣ ውፅኢትን ኣብ 3ይ ምዕራፍ ስራሕቲ ምጥያሽ ደቀ'ቅትን ኣናእሽተይን ኢንተርፕራይዝ ........ 10

ብደረጃ ወረዳ ዘለዉ ስራሕቲ ........ 11

ዳህሳስ ኩነታት፣ ዕድላት ዋሽ ሴክተር ቢዝነስ ........ 12

2.1 ዕደጋ ዕሬት ........ 12

2.2 ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑት፣ ስራሕቲ ማይን ፅገናን ........ 13

2.3 ኣብ ልምዓት ኢንተርፕራይዛት ስልጣን ዘለዎም ትካላት ........ 13

ትርጉም ደቀ'ቅቲ ኢንተርፕራይዝ ........ 14

ትርጉም ኣናእሽተይ ኢንተርፕራይዝ ........ 14

ዕላማታትን ኣካይዳን /ሜላ ኣሰራርሓን/ ........ 14

3.1 ዕላማታት ኮዋሽ ኣብ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ደኣንት ........ 14

3.2 ኣካይዳ ብደቂ ኣነስትዮ ዝምርሑ ደኣንት ኮዋሽ ........ 17

ዑደት ደረጃታት ልምዓት ደኣንት ኣብ ኮዋሽ ........ 18

4.1 ደረጃ ዲዛይን ንምጥያሽ ደኣንት ኣብ ኮዋሽ ........ 18

4.1.1 ዝርዝር መዳርግቲ ኣካላት ........ 18

4.1.2 ምዕባይ ግንዛበ ኣብ መዳርግቲ ኣካላትኮዋሽ ........ 22

4.1.3 ምፍላጥን ምልላይን ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ደኣንት ........ 24

4.1.4. መምረፂ ረቋሒ ንምጥያሽ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ኢንተርፕራይዛት ........ 25

4.2 ደረጃ ትግበራ ........ 26

4.2.1 ደኣንት ምጥያሽ /ምጥንኻር ........ 26

4.2.2 ናይ ኢንተርፕረነራት ክፍተት ዓቕሚ ዳህሳስ ........ 27

4.2.3፡- ምዕባይ ዓቕሚ /ህንፀት/ ኢንተርፕሪየነራት /ስራሕ ፈጠርቲ/ ........ 27

ስልጠና ክእለት ስራሕ ፈጠራ ኢንተርፕሪየነር ........ 27

ምድላው ትልሚ ቢዝነስ.....28
4.2.4 ፍርያት /ምህርቲ/.....30
ብፅዳጋ ፅሬት ቢዝነስ ዝርከብ ፍርያት.....31
ካልኦት ምስ ፅዳጋ ፅሬት ዝተሓሓዙ ደገፍቲ ስራሕቲ.....31
ምድላው መከላከሊ ፅገና.....31
ምድላው ፅገና ክንክን.....32
4.2.5. ምቕያስ ፅዳጋ.....32
ተሳትፎ ግልጋሎት ክኢላታት ቤት ፅሕፈት.....33
4.2.6. ፍቓድ መሃብ ንደቀቅትን ኣናእሽተንን ትካላት.....33
4.3. ደረጃ ክትትል፣ ኦዲት ምግባርንምፅብፃብን.....33
ምፅብፃብ.....34
ዝርግሐ /ቻነል/.....44
ርኽቢ ዓማዊላት.....44
ትልሚ ቢዝነስ.....54

## ዝርዝር ሰደቓታት

ሰደቓ 1፡ ዝርዝር ዝምልከቶም ወረዳታት ንምጥያሽ ደቀ'ቅትን ኣናእሽተይን ኢንተርፕራይዛት ኣብ ኮዎሽ.

ሰደቓ 2 ፡ ኣብ ኢንተርፕራይዛት ኮዎስ ቢዝነስ ክሕወሱ ዝኽእሉ

ሰደቓ 3፡ ተግባርን ሓላፍነትን ኣጋር ትካላት ብደረጃ ወረዳ

ሰደቓ 4፡ መጠቓለሊ ኣብ ኮዎሽ መተግበሪ ትልሚ ፖርክሾፐ ዝሳተፉ ክልላዊ መዳርግቲ ኣካላት

ሰደቓ 5፡ ዋና ኣርእስትታት ስልጠናን ዝተጠቐሱ ተተሓሒዝቲ ክፍልታት እዚ መምርሒን

ሰደቓ 6፡ ዓይነት ደቀ'ቅቲን ኣናእሽተይን ኣብ ሕድ ሕድ ኮዎሽ ክልላት ዝተትሓዙ

ሰደቓ 7፡ ኣብ ሕድ ሕድ ፓይሎት ወረዳ ዘድሊ ቁፅሪ ሼድ/ቦታ/

## ዝርዝር ሕዛላት

ሕዛል 1፡ ኣብ ክልል ኦሮሚያ ዝተኻየደ መረዳድኢ ሰነድ ዕዳጋ ዕሬትን መበገሲ ምዕባለ ቢዝነስን ኣብ ስራሕቲ ምድጋፍን ምፍላጥን

ሕዛል 2፡ ሰነዳት ኣብ /1/ ኮዎሽ ፌዝ 111 ነጥብታት፣ /2/ ብሄራዊ ዕደጋ ጭሬት መምርሒ /3/ ብሄራዊ ጥዕናን ከባቢያዊ ሃይጂንን፡፡

ሕዛል 3፡ ኣብ ተሳተፍቲ ስልጠና ቼክ ሊስት ጉዱኣት ኣካል

ሕዛል 4፡ ትልሚ ወረዳ ንምጥያሽ ኮዎስ ደቀ'ቅትን ኣናእሽተይን ኣንተርፕራይዛት

ሕዛል5 ፡ ኣብ ኢንተርፕሪነየራት ዓ'ቕሚ ክፍተት ዳህሳስ ቅጥዒ

ሕዛል 6፡ ቢዝነስ ሞዴል ካናቫስ መግለፂን ቅጥዒን

ሕዛል 7፡ መርኣያ ናይ ሓደጋን ምሕደራን ዳህሳስ

ሕዛል 8፡ መግለፂ ትልሚ ቢዝነስ

ሕዛል 9፡ ዲዛይን ሼድ ምስ ዝርዝር መጠን

ሕዛል 10፡ ኣብ መንጎ ወረዳ ደቀ'ቅትን ኣናእሽተይን ኢንተርፕራይዝ ወኪል ልምዓትን /ልምዓት ቴክኒክ ሞያን ኢንተርፕራይዝ/ ቢሮን ኣቲ ኢንተርፕራይዝነ መርኣያ ፅሑፍ ስምምዕነት

ሕዛል 11፡ ዲዛይን መኽዝን ምስ ዝርዝር መጠን

ሐዛል 12፡ ዝርዝር መሳርሒን ግብኣትን ንዕደጋ ፅሬትን ስራሕቲ ፅገና ማይን

ሐዛል 13፡ ከይዲ ቀረብ ፅሬት

ሕዛል 14፡ ኮዎሽ ቢዝነስ ሞዴል ብደቂ ኣነስትዮ ዝምራሕ ምዕባለ ደቀ'ቅትን ኣናእሽተይን

ሕዛል 15፡ ብደቂ ኣነስትዮ ንዝምራሕ ምዕባለ ደቀ'ቅትን ኣናእሽተይን ብገንዘብ ኮዎሽ ምድጋፍ

## ብዛዕባ እዚ መምርሒ

እዚ መምርሒ እዚ ናይ ኮዖሽ ቴክኒካዊ፣ ህንፀት ዓቕሚን ፋይናንሳዊ ደገፍን ኣብ ዝተመረፁ ወረዳታት ንምጥንኻርን ሓደሽቲ ዝተጣየሹ ብደቂ ኣነስትዮ ዝምራሕ ደቀቕቲ አናእሽተይን ኢንተርፕራይዛት ኣብ ዖሽ ዘተኮረ ቢዝነስ /ፅሬት፣ ዕዳጋ፣ ፅገና ቀረብ ማይንቀረብ መለዋወጢ አቑሑትን ቢዝነስ ንምስላጥን ዝተዳለወ እዩ፡፡

# አህፅሮተ ቃላት

| | |
|---|---|
| ቤጉ | ቤንሻንጉል ጉሙዝ |
| ደዝጠፅሃ | ደቂ አንስትዮ ዝመርሑኡ ጠቅላላ ፅሬትን ሃይጂንን |
| ሕዝምማፅሃ | ሕብረተሰብ ዝመርሖ ምድንፋዕ ማይ፣ ፅሬትን ሃይጂንን |
| ኢበዓ | ኢትዮጵያ በጀት ዓመት |
| ኢትብ | ናይ ኢትዮጵያ ብር |
| ጉቴደፌ | ጉጅለ ቴክኒካዊ ድጋፍ ፌደራል |
| መኢ | መንግስቲ ኢትዮጵያ |
| መፊ | መንግስቲ ፊንላንድ |
| ትፅስ | ትልሚ ፅብየትን ስግግርን |
| ኢዝጉ | ብኢድ ዝተኹዓተ ጉድጓድ |
| ሰጥቤ | ሰራሕተኛ ጥዕና ቤተሰብ |
| ሰመ | ሰነድ መረዳድኢ |
| ደኣኢ | ደቀቕትን አናእሽተይን ኢንተርፕራይዝ |
| ምደኣኢ | ምዕባለ ደቀቕትን አናእሽተይን ኢንተርፕራይዝ |
| ክደክ | ክልላዊ ደጋፊ አካል |
| ቀማገመከ | ቀረብ ማይ ገጠርን መደብ ከባቢን |
| ፅፅ | ፅዱጋ ፅሬት |
| ክብብህደ | ክልል ብሄር ብሄረሰብን ህዝብታትን ደቡብ |
| ምቴሞኢ | ምዕባለ ቴክኒክን ሞያን ኢንተርፕራይዝ |
| ቴሞትስ | ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን |
| ምስከምው | ስራሕ ምፍጣርን ከተማ ምግቢ ውሕስናን |
| ዶኣ | ዶላር ኣሜሪካ |
| ማፅሃ | ማይ፣ ፅሬትን ሃይጂንን |
| ማተማ | ማሕበር ተጠቀምቲ ማይ |

## ትርጉም ቃላት

**ኢንተርፕሬነርሺፕ**፡- ማለት ሓዱሽ ቢዝነስ ዝምልከት መፅናዕትን ከመይ ገይርካ ክምዝፍጠርን ከምኡ'ውን ብጭቡጥ ምጅማር ሓዱሽ ቢዝነስ ማለት እዩ፡፡ እዚ ቃል በተቐያያሪነት እንጥቀመሉ እዩ፡፡ ኢንተርፕሬነየር ድማ ዝኾነ ሰብ ኣብ ስራሕቲ ምፍጣር ምህርቲ ወይ ግልጋሎት ዝነጥፍን ህዝቢ ክዕድግዎ ንመሸጣ ዝኸውን ትካል ዝሃንፅን ማለት እዩ፡፡

**ቢዝነስ ሞዴል**፡- እቲ ዋና ዕላምኡ ከመይ ገይርካ ቢዝነስ ከም እትፈጥር፣ ከምትቕርብን ኢኮኖሚያዊ ዋጋ ከመይ ከምእትሕዝን ማሕበረ ሰብአዊ ወይ ካልእ ዓይነት ዋገን እዩ፡፡

ድልየት/ዲማንድ/፡-ድልየትን ተኽእሎን ኣብ ዕዲጋ ዕሬትን ተመሳሳልቲ አቑሑትን ግልጋሎታትን

**ስራሕን ዕገናን**፡-

**ስራሕ**፡- ዕለታዊ ከይዲን አተሓሕዛን ግልጋሎት ቀረብ ማይ አጠቓቕመኦም ንምጥዕዓምን ብኽነት ወፃኢ ቅነሳ ንምቕናስን ማለት እዩ፡፡

**ዕገና**፡- ማለት ቀረብ ግልጋሎት ማይ ብቀፃልነትን ብፅቡቕ ኩነታት ስራሕ ዘድልዩ ስራሕቲን ይምልከት፡፡ እዚ'ውን ቅድመ ምክልኻል ዕገና፣ መአረሚ ዕገናን ናይ ፀገም ዕገናን ይሓውስ፡፡

**ምክልኻል ዕገና**፡- ኣብ ንብረት ብልሽት ንምክልኻል ስሩዕ ኢንስፔክሽንን ሰርቪስ ምግባርን ማለት እዩ፡፡

**መአረሚ ዕገና**፡-ንቀፃልነት ጭቡጥን ግልጋሎት ውሱን ዕገናን ዝተሰበረ ን ዝአረገ መለዋወጥን ምቕያር፡፡

**ዕገና ፀገም**፡- ብመሰረት ጥርዓን ተጠቃሚ ኣብ ዘይተተለመ እዋን ዝወሃብ መልሲ ዕገና ድንገታዊ ብልሽትን ኮይኑ ዘይምዕሩይ ቀረብ ምስት ኸኻል እዩ፡፡

**ቀፃልነት**፡-/ንዝስተ ማይን ቅሬትን/ ማለት እኹልን ምዕሩይን ፅሩይ ዝስተ ማይ ንቀፃሊ ዓማውቲ ምርግጋፅን

ስራሕ/ፋንክሽናሊቲ፡-እዚ ሜላ አዋህባ ማይ ንተጠቀምቲ ዝምልከት እዩ፡፡ ስለዚህ እቲ ሜላ ሙሉእ ግልጋሎት ንምሃብ ብቀረብ ይኹን ብዕሬት እኹል ዝኾነ ማይ ሕዝቢ ክቐድሕ ምግባር እዩ፡፡

**ዕሬት**፡- ጥዕናዊ ሕዝቢ ዲሲፕሊን ምስ ምዕሩይ ምውጋድ ናይ ሰብ ፍታንን ሃይጂንንዕሩይ ማይ ምሕደራን፡፡

ዕዳጋ ዕሬት፡- ብዝተመሓየሸ ደረጃ ዕሬት ምዕጋብ/ድልየትን ቀረብን/ብማሕበረሰብን ካብ ማዕቀፍ ደህንነት ወፃኢ ክይዲ ንግዳዊ ዕዳጋን

**ሰንሰለት ቀረብ ዕሬት፡-**እቲ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ትካላት፣ ምፍራይን ምሓዝን /ወይ ምክፍፋል ምስ ዕሬት ዝተተሓሓዙ ፍርያታትን፡፡

**መሕፀቢ ኢድ፡-** ሃይጂናዊ ልምዲታት ኣብ ወሳኒ እዋናት/ቅድሚ ምድላው ምግብን ቅድሚ ምብላዕን፣ ቅድሚ ምምጋብ ህፃንን፣ ድሕሪ ምጥቃም ሽቓቕ፣ጥዕና ቤተሰብን፡፡

**ስነ ዕሬት /ሃይጅን/፡-** ምስ ምርግጋፅ ፅቡቕ ጥዕናን ዕሬትን እንኮላይ ብሳሙና ምሕፃብ ኢድ ኣብ ወሰንቲ እዋናት፣ ኣታሕዛ መግቢን ማይን፡፡

**ምስ ጉዱኣት ኣካል ዝነብር ሰብ፡-** እዚ ንነዊሕ እዋን ብኣካላዊ፣ ማተሪያላዊን ስነ ኣእምራዊን ወይ ሽግር ነርቪ ኣብ እዋን ርክባት፣ ኣብ ኣተሓሳስባ፣ ከባቢያዊ ወይ ትካላዊ ማሕልኻታት ንሙሉእን ውፅኢታዊን ተሳትፎን ኣብ ማሕበረሰብ ማዕርነታዊ ብዝኾነ ምስ ካልኦት ሽግር ዘለዎም እዮም፡፡ ናይዚኦም ሽግር ጉድኣት፣ ሕማም፣ ካብ ወለዲ ዝውረስ ምንኣስ ወይ ኣፈላላይ ወይ ማሕበረሰብኣዊ ወይ ስነ ኣእምራዊ ኩነታት ማለት እዩ፡፡ ከምዚ ዝበሉ ሰባት ካብ ሙሉእ ተሳታፉይነት ኣብ ሕብረተሰብ፣ ብምኽንያት ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ከባቢያዊን ባህላዊን ኩነታት ዝተኸልከሉን ጉዱኣት ኣካልን እዮም፡፡

**ናብ ስልጣን ምድያብ፡-** እዚ ማለት መንፈሳዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊ ወይ ኢኮኖሚያዊ ጥንካረ ሰባትን ማሕበረሰብን ዝምልከት እዩ፡፡ እዚ መብዛሕትኡ ምልዓል ዓርሰ እምነት ኣብ ናይ ባዕሎም ዓቕሚ ዝምልከት እዩ፡፡

ደቂ ኣነስትዮ ናብ ስልጣን ምድያብ፡- እዚ ደቂ ኣነስትዮ ብዛዕባ ጥቕምታተንን ጥቕሚ ሕብረተሰብን ውሳኔ ክህባሉ ዝኽእላሉ ኩነታት ምፍጣር ማለት እዩ፡፡ እዚ ደቂ ኣነስትዮ ኣብ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ሕጋዊን ምውሳኽን ምምሕያሽን ጥንካሬ ማዕርነት ደቂ ኣነስትዮ ንምርግጋፅን ዓርሰ እምነት ከሕድራን ንማዕረነተን ንክቃለሰን ጥንካረ ክፈጥራን ምግባር ማለት እዩ፡፡ ንኣብነት፡-

- ናይ ባዕለን ምርጫን ውሳነን ክሕዛ
- ኣብ ማሕበራዊ፣ ሃይማኖታዊን ህዝባዊ ስራሕትን ንምስታፍ ማዕረ መሰል ክህልወን፡፡
- ኣብ ሕብረተሰብ ማዕረ ደረጃ ንክህልወን፡፡
- ኣብ ማሕበረሰብን ኢኮኖሚያዊ ፍትሕን ማዕርነት ክህልወን፡፡
- ኣብ ፋይናንሳዊን ኢኮኖሚያዊን ምርጨኣን ንክውስና፡፡
- ንትምህርቲ ማዕረ ዕድል ንክህልወን

- ብዘይ ስርዓተ ዖታኣፈላላይ ኣብ ስራሕ ማዕረ ዕድል ክረኽባ ምግባር

**ደቂ ኣነስትዮ ኣብ ኢኮኖሚ ተጠቀምቲ ምግባር፡-** እዚ ማለት ደቂ ኣነስትዮ ኣብ ሃፍቲ፣ ንብረት፣ ኣታዊን ጊዜአን ከምኡ'ውን ተኸእሎ ምሕደራ ፀገምን ምምሕያሽ ኢኮኖሚያዊ ኩነታትን ደሕንነትን ዝምልከት እዩ፡፡

## ሞጆ ተዊ

ምዕባለ ደቀቕትን ኣናእሽተይን ኢንተርፕራይዝ ብፍሉይ ኣብ ከተማን ከፊል ከተማንዕድል ስራሕ ብምፍጣር ኣብ ቅድሚት ዝስራዕ ሓደ ዛዕባ እዩ፡፡ ደቀቕትን ኣናእሽተይን ኢንተርፕራይዛት ህዝብታት ካብ ድኽነት ንምውፃእን ልምዓት ንምፍጣንን ሓጋዚ ምኳኑ መንግስቲ ኢትዮድያ ብምእማን ደቀቕትን ኣናእሽተይን ኢንተርፕራይዛት ኣብ ልማት ስትራተጂካዊ ሃገራዊ ኢንዳስትራሊያዊን ማኒፋክቸሪንግን ቦታ ሂቡ ይሰርሕ ኣሎ፡፡

መንግስቲ ኢትየድያ ዕውት ትግበራ 1ይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ብምስዓብ 2ይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ካብ ሓምለ 2007 ክሳብ 2012 ንምስላጥ ኣተኣታትዩ ኣሎ፡፡ ብመሰረት 2ይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ኢትዮድያ ኣብ 2017 ዓ/ም ብማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ኣብ ማእኸላይ ደረጃ ዕብየት ምስዘለዎን ሃገራት ንምብፃሕ ዓሊሙ ይሰርሕ ኣሎ፡፡ ብመሰረት እዚ ቀረብ ማይን ፅሬትን፣ ኣብ 2ይ ትልሚ ዕብየትና ስግግር አተኪሩ ኣብ 2012 ዓ/ም ዜጋታታ ትሑት ማእኸላይ እቶት ክህልዎም ኣብ ተበፀሓይነት ቀረብ ማይን ግልጋሎት ፅሬትን ምርግጋፅ ይሰርሕ አሎ፡፡

ዕላማ እቲ ፍሉይ ሴክተር ማይ ተበፀሓይነት ፅሩይ ዝስተ ማይ ንምዕባይ ደረጃ ግልጋሎት፣ ንፅቡቕ ምሕደራ ቀረብ ማይ ገጠር፣ ቀፃልነት ምርግጋፅ፣ ውፅኢታዊነትን ብቕዓትን ግልጋሎትን እቶም ክፋላት እዚ ሴክተር ዓቕሚ ምፍጣርን ዝሓወሰ እዩ፡፡ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ተበፀሓይነት ቀረብ ግልጋሎት ማይ ብዝተሓተ ኣብ መዓልቲ 25 ሊ/ው/ሰብ ካብቲ ማይ ዝርከበሉ ቦታ ኣብ1 ኪ/ሜ ርሕቐት ን85% ህዝቢ ገጠር ምብፃሕ ኮይኑ ካብዚ 20% ብቡንቧ ክጥቀሙን ምብልሻይ ማይ ትካላት ካብ 11% ናብ 7% ንምቕናስ እዩ፡፡ ንፅሬትን ስነ ጥዕናን ዝተቐመጠ ሽቶ በዝሒ ኣብ ሽቓቕ ዝጥቀሙ ቀበሌታት ካብ 18% ናብ 82% ንምዕባይን በዝሒ ስድራ ዝተመሓየሹ ሽቓቓትን ግልጋሎት መሕፀቢ ኢድ ተበፀሓይነት ካብ 28% ናብ 82 ዓ/ም ኣብ 2012 ዓ/ም ምብፃሕ እዩ፡፡

## ድሕረ ባይታ

ንዕውትነት 2ይ ትልሚ ዕብየትን ስግግር /ማይ፣ ፅሬትን ስነ ጥዕናን /ዋሽ/ ሽቶታት 3ይ ምዕራፍሕ/ሰብ ዝመርሖ ዝመርሖ ዝተሳለጠ ዋሽ /ኮዋሽ/ ፕሮጀክት ካብ ነሓሰ 2008 ክሳብ ሰነ 2011 ን3 ዓመታት ዝሰርሑ እዩ፡፡ ስትራተጂ ኮዋሽ ኣብ ሕብረተሰብ ዝመርሖ ፕሮጀክት ዝተመስረተን መጀመሪያ ብናይ ቀደም መንግስቲ ፊንላንድ ፕሮጀክት ፊንዋሽ፣ ዝድገፍ ቀረብ ማይን ፅሬትን ገጠር ዝተጀመረን ኣብ ቤንሻንጉል ጉሙዝ አብ ስራሕ ዝወዓለን እዩ፡፡ ቀዳማይ ምዕራፍ ካብ ሓምለ 2003 ዓ/ም ክሳብ መስከረም 2006፣ ካልኣይ ምዕራፍ እዋን ጥቅምቲ 2007 ክሳብ ሰነ 2008፣ 3ይ ምዕራፍ ኣብ 76 ወረዳታትን 5 ክልላትን /ኣምሓራ፣ ቤንሻንጉል ጉሙዝ፣ ኦሮሚያ፣ ደቡብ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ትግራይን / ሰሪሑ እዩ፡፡

3ይ ምዕራፍ ኮዋሽ ብዋናነትመደብምዕባይ ዓቕሚ ኮይኑ ምዕባይ ዓቕሚ ኣብ ውፅኢታዊነት እቲ ፕሮጀክት ህንፀትን ምሃብ ግልጋሎትን፣ምርግጋፅ ፅቡቕ ፅሬት ኮይኑ እቲ ውፅኢት ከምቲ ትልሚ ተረኺቡን ትምህርታዊ ውፅኢት ኣብ ኩሉ ደረጃ ንምምሃር ጠቒሙ እዩ፡፡

3ይ ምዕራፍ ሕብረተሰብ ዝመርሖ ምፍጣን ፕሮጀክት ብሓደ ገፅ ዝሓሸ ቀረብ ማይን ግልጋሎት ፅሬትን ንምሃብን በቲ ካልእ ገፅ ድማ ትርጉም ዘለዎን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስልጣን ብምውፃእተጠቃምነት ብምዕባይ፣ኣታዊ ልምዓት ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮንምርግጋፅ ሓዱሽ መደብ ደቂ ኣነስትዮ ዝመርሕኡ ኢንተርፕራይዝዝብል ወሲኹ ኣሎ፡፡

እቲ ልምዓት ኢንተርፕራይዝ ብፅቡቕ ዝተትሓዘን ናይቲ ፕሮጀክት ሽቶ ንምውቃዕ ማለት፣ ኣብቲ መደብ ዝሓሸ ጥዕና፣ ማዕርነት ደቂ ኣነስትዮ ኣብ ምቁፅፃር ምሕደራ ዋሽን ተመሳሳሊ ኢንተርፕርንየርሺፕ ኣብ 2011፡፡

## 1.2 ዕላማ፣ፋይዳ፣ ውፅኢትን ኣብ 3ይ ምዕራፍ ስራሕቲ ምጥያሽ ደቀቕትን ኣናእሽተይን ኢንተርፕራይዝ

ምስ ዝለዓለ ውፅኢት ኢንተርፕሬነየርሺፕ ናይ ኮዎሽ 3ይ ምዕራፍ ፋይዳ ኣብ 2ይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ሕብረተሰብን ትካላዊ ቀረብ ማይን ፅሬትን ምዕባይን ግልጋሎትን ቀፃልነትን ዎሽ ዝሰርሖም ግልጋሎታት ብዝሓሸ ቀረብ ግልጋሎት ኣብ ፕሮጀክት ወረዳታትማለት ኣብ ናይ 5 ክልላት ኣብ 2011 ምርግጋፅ እዩ፡፡

**ዕላማ፣** ፋይዳን ውፅኢትን ኣብ ዝተትሓዙዝስዕቡ ዋሽ ተኮር ልምዓት ኢንተርፕሬነየርሺፕ በቶም ብዝርዝር ዝተገለፁ ስራሕቲ ን3 ዓመት እዋን ፕሮጀክት ተመላኺቶም ኣለዉ፡፡

ዕላማ፡- ኮዋሽ ተኮር ኢንተርፕራይዝ ክልቴኣዊ ዕላማ ከምዘለዎ ይርዳእ፡፡

1.ቀፃልነት ቀረብ ማይ ብፅገናን ግልጋሎት ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑት መከላኸሊን መኣረሚን ፅገና ብፍትሓዊ ዋጋ ኣብ ዝቐልጠፈ ጊዜ ትሑት ስራሕ ተጠቀምቲ ሕብረተሰብ ዕዳጋ ቢዝነስ ተበፀሓይነት ዝተመሓየሸ ግልጋሎት ፅሬት ብደረጃ ስድራ ͅ

2. ኣብ መሪሕነት ደቂ ኣነስትዮ ኣብ ዋሽ ሴክተር ቅድሚት ብምምፃእ ኣቢሉ ደቂ ኣነስትዮን መናእሰይን ኣብ ቢዝነስ ዋሽ ክሰሓቡ እዮም፡፡

**ፋይዳ፡-** ኣብ ሓሙሽተ ናይቲ መደብ ክልላት መሪሕነት ደቂ ኣንስትዮ፣ ኣብ ምሕደራ ኣካል ጉዱኣትን ብዋሽ ተመሳሳሊ ስራሕቲ ንምርግጋፅ፡፡

**ውፅኢት፡-** ደቂ ኣነስትዮ ዝመርሕኡ ግልጋሎት ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑት፣ ዕደጋ ፅሬትን ህንፀት ኣብ ዝተመረፁ ወረዳታት ምጥያሽ፡፡

**ኩለመዲያዊ ትልሚ፡-** ኣብዚ ትልሚ ናይ ሰለስተ ዓመት ፕሮጀክት እዋን 26 ደቂ ኣነስትዮ ዝመርሕኡ ደኣንት ኢንተርፕራዛት ንዕደጋ ፅሬት፣ ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑትን ግልጋሎት ፅገናንማይ ምጥያሽን /ምጥንኻር ኣብ ፓይሎት ወረዳታት 5 ክልላት /ኣብ ኣምሓራ፣ ትግራይ፣ ኣብ ኦሮሚያን ህዝብታት ደቡብን 5 ሕድ ሕድ፣ ኣብ ቤንሻንጉል 4 ሕድ ሕድ፣

**ዝርዝር ስራሕቲ**

ዝርዝር ስራሕቲ ብኮዋሽ ቴክኒካል ወሃቢ ደገፍ ጉጅለ ምስ ምትሕብባር ሓሙሽተ ክልላት ዝሳለጥ ብደረጃ ፌዴራልን ክልልን፡፡[3]

- ማይ ስራሕትን ፅገናን ንምድጋፍ ቢዝነስ ንምጥያሽ ቢዝነስን ምስ ማይክሮ ፋይናንስ ትካላት ብምኧን ልቓሕ ንምርካብ ዳህሳስ ህልዊ ኩነታት ምስላጥ፡፡
- ኣብ ምድላው ትልሚ ብደቂ ኣነስትዮ ስራሕቲ ማይን ፅገናን ዝምርሑ ቢዝነስ ደኣንት ምሕጋዝ ፡፡
- ኣብ ትግበራ ብደቂ ኣነስትዮ ስራሕቲ ማይን ፅገናን ዝምርሑ ቢዝነስ ደኣንት ምሕጋዝ፡፡
- ኣብ ኦዲት ብደቂ ኣነስትዮ ዝምርሑስራሕቲ ማይን ፅገናን ደኣንት ምሕጋዝ፡፡
- መትረፍቲ ብደቂ ኣነስትዮ ዝምርሑ ስራሕቲ ማይን ፅገናን ደኣንት ምልላይ፡፡ /ብመሰረት ፀብፃብ ኦዲት/
- ከይዲ ማይክሮ ፋይናንስ ኢንተርፕራይዝ /ኣብ ደረጃ ምጥያሽ ማይክሮ ፋይናንስ ኢንተርፕራይዝ ኣብ ኮዋሽ/ ኣብ መምርሒ ወረዳ ዝስረሐኦም ሰነዳት ምስናድ
- ምትርጓም ማይክሮ ፋይናንስ /ኣብ ደረጃ ምጥያሽ ኣብ ኮዋሽ መምርሒ ናብ መስርሒ ቋንቋ /ኣምሓርኛ፣ ኦሮምኛ፣ ትግርኛ/
- ንወረዳ ሰራሕተኛታት ግንዛበ መዕበዪ ኣብ ስራሕ ምዕባይ ዓቕሚ ኣብ ስራሕቲ ማይን ፅገናን ኣመልኪቱ ስልጠና ምሃብ

## ብደረጃ ወረዳ ዘለዉ ስራሕቲ

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት ደኣንት ወረዳ/ ልምዓት ቴክኒክን ሞያን ኢንተርፕራይዝ /ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢ ከተማን ፈጠራ ስራሕቲ[1]ምስ ኣብያተፅሕፈት ማይ፣ ጥዕና፣ ጉዳይ ደቂ ኣነስትዮን ህፃናትን፣ ስራሕተኛን ማሕበራዊን ጉዳይን[2] ከምኡ'ውን ትካላት ማይክሮ ፋይናንስ**

- ብደቂ አነስትዮ ዝምርሑ መጠን ዓመታዊ መሸጣን ግሊጋሎት ፅገናን ስራሕቲ ማይን ደአንት፡፡
- ዕደ.ጋ መሰረታዊ አቁሑት ምህናፅ ዓ'ቅሚ ንደቂ አነስትዮ ዝምርሑ ስራሕቲ ማይን ፅገናን ደአንት፡፡ /ብመሰረት ዝርዝርን ነፀላ ዋጋን/
- ምጥያሽ/ምጥንኻር ዕደ.ጋ ፅሬት ብደቂ አነስትዮ ዝምርሑ ደአንት፡፡
- ንምጥያሽ ቢዝነስ ኣብ ዕደ.ጋ ፅሬትን  ካብ ማይክሮ ፋይናንስ ትካላት ልቓሕ ምርካብን ምስ ማይክሮ ፋይናንስ ፡፡ /ብመሰረት ዝተዳለወ መምርሒ/
- ኣብ ምድላው ትልሚ ብደቂ አነስትዮ ዝምርሑ ደአንት ምሕጋዝ፡፡
- ኣብ ምድላው ትግበራ ትልሚ  ቢዝነስ ብደቂ አነስትዮ ዝምርሑ ደአንት ምሕጋዝ፡፡
- ኣብ ብደቂ አነስትዮ ዝምርሑ ደአንት ፅሬት ዕደ.ጋ ብደረጃ መራሕቲ ስድራን ትካላትን ኣብ ምግጣምምሕጋዝ፡፡ / ስላብ፣ መናፈሲ፣ ቡምቧ ወዘተ../
- ብዋሽኮ ወይ ብውልቀ ደረጃ ብደቂ አነስትዮ ዝምርሑ ዕደ.ጋ ፅሬት ደኣንት ዝተዓደጉ ምህርቲ ፅሬት ምስናድ፡፡/ዓመታዊ/
- ኣብ ኦዲት ብደቂ አነስትዮ ዝምርሑ ስራሕቲ ማይን ፅገናን ደአንት ምሕጋዝ፡፡[4]
- መትረፍቲ ብደቂ አነስትዮ ዝምርሑ ስራሕቲ ማይን ፅገናን ደአንት ምልላይ፡፡ /ብመሰረት ፀብፃብ ኦዲት/
- ብደቂ ኣነስትዮ ዝምርሑ ኢንተርፕራይዝ መጠን ዓመታዊ መሸጣን ግልጋሎት ፅገናን ስራሕቲ ማይን ፅገናን  ደአንት፡፡
- ዕደ.ጋ መሰረታዊ አቁሑት ምህናፅ ዓ'ቅሚ ብደቂ አነስትዮ ዝምርሑ ስራሕቲ ማይን ፅገናን ደአንት፡፡ /ብመሰረት ዝርዝርን ነፀላ ዋጋን/
- ኣብ ፓይሎት ወረዳታት ና ዘለዉ ዕደ.ጋ ፅሬትን ስራሕቲ ማይን ፅገናን ደኣንት ሰንድ፡፡-ብመሰረት መምርሒ/
- ንደኣንት ኤጀንሲታት ስራሕ መካየዲ ምድብ፡፡

[1]ኣብ ክልላት አምሓራ፣ን ቤንሻንጉልን ደኣንት ኢንተርፕራይዛት ኤጀንሲን ቴክኒካል ሞያን ትምህርትን ስልጠናንተጣሚሮም ቴክኒካል፣ ሞያን ኢንተርፕራይዝ ልምዓትን ተባሂሎም እንትፅውቅው ኣብ ትግራይ ዝተፈላለዩ እዮም፡፡ ኣብ ኦሮሚያን ህዝብታት ደቡብን ክልቲኦም አብያተ ፅሕፈት ዝተፈላለዩ እንትኾኑ ሓላፍነት ኤጀንሲ ልምዓት ደኣንት ብከተማ ውሕስና ምግቢን ዕድል ስራሕ ፈጠራን ኤጀንሲ ዝተትሓዘ እዩ፡፡

[2]ኣብ ትሕቲ ክፍሊ 4.1 ካርታ መዳርግቲ ኣብዚ መምርሒ ተግባርን ሓላፍነትን ተመልከት፡፡

[3]ምስ ዕደ.ጋ ፅሬት ክውሰድ ይከኣል፡፡

[4]ምስ ኦን ኤምን ስራሕቲ ቢዝነስ ክውሰድ ይከኣል፡፡

- ብመሰረት እቲ ዝተዳለወ ዲዛይን ናይ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ስራሕቲ ማይን ፅገናን ደኣንት መኸዝናት/ሼድ/ምህናፅ፡፡
- ንብደቂ ኣነስትዮ ዝምርሑ ስራሕቲ ማይን ፅገናን ደኣንት ብመሰረት ዲዛይን ሼድ ምህናፅ፡፡
- ዕደጋ መሰረታዊ አቁሑት ምህናፅ ዓቕሚ ንብደቂ ኣነስትዮ ዝምርሑ ስራሕቲ ማይን ፅገናንደኣንት፡፡ /ብመሰረት ዝርዝርን ነፀላ ዋጋን/
- ንተጠቀምቲ ማይ ማሕበራት መለዋወጢ አቑሑት ምግዛእን መኽዝናት ምስራሕን፡፡ /ኣብ ቤንሻንጉል ክልል ጥራሕ/
- ኣብ ኢንተርፕሪንየርን ምቅልጣፍ ክእለትን ንኣባላት ብደቂ ኣነስትዮ ዝምርሑ ዕደጋ ፅሬትን ኦንኤምን ምስልጣን፡
- ኣብ ኢንተርፕሪንየርን ምቅልጣፍ ክእለትን ንአባላት ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ዕደጋ ፅሬትን ደኣንትን ምስልጣን፡፡
- ኣብ ኢንተርፕሪንየርን ምቅልጣፍ ክእለትን ንኣባላት ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ዕደጋ ፅሬትን ስራሕቲ ማይን ፅገናንደኣንትን ምስልጣን፡፡

# ዳህሳስ ኩነ ታት፣ ዕድላት ዋሽ ሴክተር ቢዝነ ስ

## 2.1 ዕደጋ ፅሬት

ኣብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሕብረተሰብ ኣብ ምስራሕን ምጥቃምን ሽቓቕት ዘለዎም ኣረኣእያ ንምትግባር ብብሄራዊ ጥዕና ኤክሰተንሽን ብሕብረተሰብ ዝምራሕ ጠቕላላ ናይ ፅሬትን ስነ ጥዕናን ኣብ 2006 ኣታኣታትዩ እዩ፡፡ ከም ውፅኢት ቁፅሮም ዘይንዓቕኣባላት ስድራ ብውልቀ ዝተሰርሑ መሰረታዊ ሽቓቕት ተበፃሓይነት ረኺቦም እዮም፡፡ ኮይኑ ግን መብዛሕቲኦም ብውልቀ ዝተሰርሑ ሽቓቕት ብሕፅረት ዝተሓተ ደረጃ ስታንዳርድ ዝተመሓየሸ ግልጋሎት ፅሬትን ስነ ጥዕናን ይወድቑ'ሞ ኣድላይነት ምጅማር ዕደጋ ፅሬት የመላኽት፡፡ እዚ ከይዲ እዚ ንምክያድ ብሄራዊ ዕደጋ ፅሬት መምርሒ ካብ ሰነ 2005 ዓ/ም ኣተኣታትዩ አሎ፡፡

ዋና ዕላማ እዚ መምርሒ ኣብ ዲዛይን ትግበራ፣ ክትትልን ገምጋምን ዕደጋ ፅሬትን ምቅልጣፍ ምትእትታው ጠለብን ቀረብን ንዝተመሓየሸ ግልጋሎት ፅሬትን ሃይጂንን ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ ፈጠራ ኩለመዳያዊ ሙቼው ከባቢ ንውልቀ ሴክተር ፅሬት ከም ቢዝነስ ንምውሳድ ዝዓለመ እዩ፡፡

እዚ መምርሒከምኣካይዳ ንሰለስተ ዓንድታት ትርጉም ሂቡ ንምጥያሽ መደብ ዋጋ ዘለዎ ዕደጋ ፅሬት

1. ተኽእሎ ከባቢ ጥንካረ
2. ተበፀሓይነት ዝተመሓየሸ ምህርቲ ፅሬትን ግልጋሎታትን፣

3.ጠለብ እዞም ፍርያትን ግልጋሎታትን ምፍጣር፡፡ ኣብ ትሕቲ ተኽእሎ ከባቢያዊ ጥንካረ ንመደብ ዕደጋ ፅሬት ኣብ ዕደጋ ፅሬት ኣብ ታሕተዎት ደረጃ ወረዳታት ምስ ዝጥዕም ኩነታት /ከምኒ ወረዳታትኣብ ክፍቲ ቦታ ዝፀራረዩ ቀበሌታትን ማይክሮ ፋይናንስ ትካላት/ ንምጅማር ብግልፂ ተዋሂብሉ እዩ፡፡ ከምኡ'ውን እቲ ተሞኩሮ ድሕሪ ጊዜ ናብ ጎረቤት ወረዳታትን ከባቢታትን ምስፋሕ፡፡ ብተወሳኺ ዝተመሓየሸ ምህርቲ ፅሬትን ግልጋሎት ወሃብቲ ብስልጠና፣ ተበፀሓይነት ፋይናንሳዊ ፍርያትንስራሕቲ ህንፀት ዓቕሚን ኣብ ቴክኒካዊን ፋይናንሳዊን ደገፍ ክዋስኡ ዝኽእሉ ኣብ ኢትየጵያ ዘለዉ ልምዓታዊ መዳርግቲ ተቐሪሖም እዮም፡፡

እዚ መምርሒ ኣብ እወንታዊ ግደ ንልምዓት ሰንሰለት ሓዱሽ ቀረብ ፅሬት ወይ ንዘለዉ ዘጠናኽሩ ዝኾኑ ቢዝነስ ሞዴል የመስግን፡፡ እዚ መምርሒ ትኽክለኛታትን ኣብ ድልየት ዝተመስረቱ፣ ንቀፃልነትን መትረፋይን ተዛማዲን ዝሰርሑ ዝተፈላለዩ ቢዝነስ ሞዴላት የበራትዕ፡፡ ስለዚህ ዓይነት

ቢዝነስ ሞዴል ኣናእሽተይ ይኹኑ ደቀቕቲ ኣብ መማረፂታት ከባቢያዊ ክእለትን ቴክኖሎጂን ከምኒ ስታንዳርድ ኮንክሪት ሽቓቓን ዘፍርዩሞዴል ቢዝነስ ኢንተርፕራይዛት ክኾኑ ይኽእሉ፡፡

## 2.2 ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑት፣ ስራሕቲ ማይን ፅገናን

ሚኒስቴር ማይ፣ መስኖን ኤሌክትሪክን /እንትርፌ ኣብ ህዝብታት ደቡብ ዘይተረጋገፀ/ ንምውዳብ ኢንተርፕራይዛት ደኣንት ህንፀት፣ ፅገናን ግልጋሎት ዋሽ ማንዋልንኣዳልዩን /እንትርፌ ኣብ ህዝብታት ደቡብ ዘይተረጋገፀ/ ነፃላ ዋጋ ስራሕቲ ኣቐሚጡን እዩ፡፡ እዚ መምርሒ ኣብ ልምድታት ልምዓት ፕሮጀክትታት ሽኮር፣ በዓል መዚ መንገድታት ኢትዮጵያን ሚኒስቴር ማይ፣ መስኖን ኢነርጂን ፕሮጀክት ልምዓት ኣባይትን ዝተረኸበ እዩ፡፡ ገለ ዝተጠቐሱ ዋና ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ ይሓውሱ፡፡

- ክፍሊ ኢንተርፕራይዝ ደኣንት
- ፅገና፣ መለዋወጢ ኣቑሑትን መሐከሚ ማይ ኬሚካልንብደኣንት ዝቐርቡ እዮም፡፡
- ሓይሊ ሰብን ትካላት ደኣንትን ንስራሕቲ ማይ
- ንደኣንት ስልጠናን ምስክር ወረቀትን ምሃብ
- መሰረታዊ መትከላት ኣገማምታ ዋጋን ኮንትራትን
- መዓዝን ከመይን ክለሳ ዋጋ ከምዝካየድ
- መትከላት ግምት ዋጋ ንፅገናን ስራሕቲን ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑትን
- ተግባርን ሓላፍነትን ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ትግበራ እዚ ማንዋል
- ረቛሒ ንስራሕቲ ምፍላይ ደረጃ ኢንተርፕራይዛት ደኣንት ኮንትራክተራት ማይ ብመሰረት ዋጋ እዚ ፕሮጀክት ብሕድ ሕድ ኢንተርፕራይዝ ይተሓዝ፡፡

እዞም 5 ፕሮግራማት እዋናዊ ንምግባር ክልላት ዝተፈላለዩ ሞዳሊቲ ኣብ ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑት ብማሕበራት ተጠቀምቲ ማይ ኣብ ቤንሻንጉል ጉምዝ፣ ብደረጃ ዞን ክፍፍል ናቑጣታት ኣብ ኦሮሚያ፣ ከተማ ግልጋሎታት ህዝብታት ደቡብ ንተዘዋዋሪ ልቃሕ ኢንተርፕራይዛት ኣብ ትግራይ ኣብ ኣምሓራ ድማ እዚ ጉዳይ ንውልቀ ሴክተር ተገዲፉ ብክልላዊ ቢሮ ማይ፣ መስኖን ኢነርጂን ናይ ትግበራ ማንዋል ተዳልዩ እዩ፡፡ ብመሰረት እዚ ማንዋል ኣብ ትግራይ ኣብ ማይ ዝተዋፈሩ ኢንተርፕራይዝ ዝምልከቶ ቢሮ ማይ /ተዛዋዋሪ ልቃሕ ኢንተርፕራይዝ ኣብቲ ቢሮ ማይ ኣብ ትግራይ/ ኣብ ዕዳጋ መለዋወጢ ኣቑሑት ተርኡ እንትዋፃእ ንመቕረብቲ ግልጋሎት ፅገና /ዋሽኮ ወይ መቕረብቲ ግልጋሎት ማይ ብደረጃ ወረዳ ቤትፅሕፈት ወይ ውልቀ ሴክተር/ተበፃሒ እንትገብሩ ኣብ ቤንሻንጉል ጉሙዝ ድማ ክሳብ ሐዚ ዘሎ ልምዲ ዋሽኮስ ፋይናንስ የወፊ/ ብዝለዓለ ወፈያ ወሃብቲ/ ን ናይ ኣመራርሓ ግደ ኣብ ከይዲ ዕዳጋ መለዋወጢ ኣቑሑት ካብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ክልላዊ ቴክኒካዊ ድጋፍ ብርካብ ይፍፅሙ፡፡

ግልጋሎት ፅገና ግልጋሎት ማይ ብዝምልከት ካብ ሕድ ሕድ ግልጋሎት ሴክተር ስልጠና ዝረኸቡ ተንከባኸብቲ ቡንቧ መከላኸሊ ፅገና እንትፍፅሙ ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ እንትኾን ወረዳ ቤት ፅሕፈት ማይ ፅገና ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎም፡፡ ኣብ ትግራይ ኔዘርላድ ተራድኦ ድርጅት/SNV/ ውልቀ ናይ ከባቢ ወሃብቲ ግልጋሎት ኣብኣርባዕተ ወረዳታት ክልተ ኮዋሽ ዝሰርሐሎም ወረዳታት ይህብ፡፡

## 2.3 ኣብ ልምዓት ኢንተርፕራይዛት ስልጣን ዘለዎም ትካላት

ኣብ ኢትዮጵያ ኤጀንሲ ምርግጋፅ ምግቢ ውሕስና ከተማን ፈጠራ ስራሕን ብደረጃ ፌዴራል ኣብ ምጥያሽ ፣ ምድጋፍን ምዕባይ ዓቕሚን ኢንተርፕራይዝ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ ብተመሳሳሊእዚ ሓላፍነት ብደረጃ ክልል ንኤጀንሲ ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢ ከተማን ፈጠራ ስራሕን /ኣብ ህዝብታት ደቡብ፣ ትግራይን ኦሮሚያን/ ከምኡ'ውን ንቢሮ ልምዓት ኢንተርፕራይዝን ቴክኒክንን ሞያን /ኣብ ኣምሓራን

ቤንሻንጉል ጉምዝ/ ዝተውሃበ እዩ፡፡ ንኢንተርፕራይዛት ፍቓድ ብሕድ ሕድ ክልል ቢሮ ንግዲን ኢንዱስትሪን ይወሃብ፡፡ ኣብዚ እዋን ሰነድ ፖሊሲን ስትራተጂን ልምዓት ደኣንት /መጋቢት 2004/

ኣብ 2008 ብሚኒስቴር ልምዓት ከተማን ኣባይትን ዝተኣረመትርጉም ደቀቕትን ኣናእሽተይን እንትክለስ ቁፅሪ ዝተቖፀሩሰራሕተኛታት፣ ጠቕላላ ንብረትን ክልተ ሰፋሕቲ ሴክተራል ክፋላትን/ኢንዱስትሪን ግልጋሎትን/ ኣብ ግምት ብምእታውን ከምኡ'ውን ኣብ ቀፀልቲ ሓሙሽተ ዓመታት ከጋጥም ዝኽእል ዝቕጠትን ለውጢ መጠን ሽርፊን ኣብ ግምት ብምእታው ተኸሊሱ እዩ፡፡

## ትርጉም ደቀቕቲ ኢንተርፕራይዝ

ንኢንዳስትሪ ሰክተር፡- /ምፍራይ፣ ኮንስትራክሽንን ምውፃእ ማእድንንሓዊሱ / ሰብ ዋናን ኣባላት ስድራን ሓዊሱ እንተበዝሐ 5 ሰባት ዘለዎን ካብ ኢት ብር 100,000.00 /4,630 ዶላር/ ዘይበለፀ ሃፍቲን ዘለዎ እዩ፡፡

**ንግልጋሎት**፡- /ምክፍፋል ንግዲ፣ ትራንስፖርት፣ ሆቴል፣ ቱሪዝምን መረዳእታ ቴክኖሎጂን ግልጋሎት ፅገናን/ ሰብ ዋናን ኣባላት ስድራን ሓዊሱ እንተበዝሐ 5 ሰባት ዘለዎን ካብ ኢት ብር 50,000.00 /2,310 ዶላር/ ዘይበለፀ ሃፍቲን ዘለዎ እዩ፡፡

## ትርጉም ኣናእሽተይ ኢንተርፕራይዝ

ንኢንዱስትሪ ሴክተር ኮንስትራክሽንን ምውፃእ ማእድንንሓዊሱ / ሰብ ዋናን ኣባላት ስድራን ሓዊሱ ካብ 6-30 ሰባት ዘለዎን ካብ ኢት ብር 100,001.00 -1,500000.00 /ካብ 4,630-69,500 ዶላር/ ሃፍቲን ዘለዎ፣ ኣብ ጠቕላላ ሃፍቲን ሰራሕተኛ ሓይሊ ሰብን ዘይግልፅነት እንተጋጥም ጠቕላላ ሃፍቲ ከም ረቛሒ ይውሰድ፡፡

እዚ ዕድል እዚ ብምጥቃም ኮዋሽ ኣብ ዝተመረፁ ናይ ዋሽ ፕሮጀክትታት ወረዳ ፈተና ከካይድ ይደሊ፡፡ ኢንተርፕራይዛት ብናይ ኮዋሽ ይጣየሹ ወይ እቶም ምጥንኻር ዘድልዮም ዝተጣየሹ ብኮዋሽ ይጠናኸሩ፡፡ መንግስቲ ኢትየድያ ብዓይኒ ቀፃልነት ግልጋሎት ማይ፣ ፅሬትን ሃይጂንን ጥራሕ ዘይኮነስ ነዞም ስራሕቲ ሓገዝቲ ኣብ ዝኾኑን ኩርናዕ ትልሚ ልምዓት ተባሂሎም ኣብ ዝእመነሎምን  ኣብ ከተማታት/ማእኸላት ከፊል ከተማታት ዕድል ስራሕቲ ንምፍጣር ምኳኑ ርዱእ እዩ፡፡

## ዕላማታትን ኣካይዳን /ሜላ ኣሰራርሓን/

### 3.1 ዕላማታት ኮዋሽ ኣብ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ደኣንት

ትልሚ ምጥያሽ ደኣንት ኣመልኪቱ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ካብ 25-26 ሚያዝያ 2009 ዓ/ም ዝተሳለጠ ክልላዊ ኣመራርሓ ጉጅለን ኣብ ሴክተር ማይ ሰራሕተኛታት ኮዋሽ፣ ጥዕና፣ ልምዓት ደኣንትን፣ /ተክኒካዊ፣ ሞያን ልምዓት ኢንተርፕራይዝ/፣ ኤጀንሲ ውሕስና ምግቢ ኣብ ከተማን ፈጠራ ስራሕን ዎርክ ሾፕ ድሕሪ ምዝዛም ኮዋሽ ምስ ትልሚን ምጥያሽን ደኣንትን ብዝተተሓዙ ኣብ መርኣያ /ፈተነ/ ወረዳታት ኣብቲ እዋን ዎርክሾፕ ቀሪቡ እዩ፡፡

-----------------

[5]እንተርፌስ ሴክተር ቢሮ ክልል ኦሮሚያ

ኣብ ልዕሊ ምብራህ ዘድልዮም ቁልፊ ነጥብታት ዓሚቕ ምይይጥ ብምክያድ ብኮዋሽ ክልላዊ ሰራሕተኛታትን መዳርግቲን ሓበራዊ ምርድዳእ ክተሓዝ ተገይሩ እዩ፡፡ ብፍሉይ ውሳነ ዘድልዮም ዋኒናት እውን ነቲ ትልሚ ንምጥንቓቕ ተላዒሎም እዮም፡፡ ምስ እዚ ተተሓሒዙ ኣብ ምጥያሽ ሴክተር ማይ ኢንተርፕራይዝ ከመይ ከምዝድግፍ ማለት ኣብ ትግራይ፣ ኦሮሚያ፣ ህዝብታት ደቡብን ኣምሓራን መመያየጢ ዛዕባ ነይሩ /ሕድ ሕድ ክልልኣብ ክልላዊ ሞዳሊቲ ቀረብ መለዋወጢ አቑሑት መምርጭኦም ወሲዶም እዮም፡፡

ኣብ ትግራይ፣ ኦሮሚያን ህዝብታትንደቡብን ቢሮታት ማይ ክልል ኣብ ዕደጋ በይኖም ኮይኖም ብዘይትርፊ ንምክያድ ኮይኑ ግን እዞም ወረዳታት ወይ ዞባታት እንተተሰማሚዖም ኮዎሽ ስልጠና ምዕባይ ዓቕሚ ንምሃብ /እዚ'ውን ህንፀት መኸዝንን ስልጠናን/ ፣ ምቕራብ መለዋወጢ አቑሑት ንኢንተርፕራይዛት ኣብ ምትካል /ብምዕዳግ መለዋወጢ አቑሑት ካብ ናይ ባዕሉ በጀትወይካብ ዝርከበሉ/ ብምቕራብ ኢንተርፕራይዝ መጀመሪ ክፍሊት ንመትረፊ ግልጋሎት ማይ ይህብ፡፡ ከምዚ ዝበለ ኢንተርፕራይዛት ግልጋሎት ፅገና ማይን/ወይ ምንቅስቓሳት ዕደጋ ፅሬት ንትርፊ እዮም፡፡ ቤንሻንጉል ጉሙዝ ብዝምልከት እቲ ክልላዊ መንግስቲ ብዛዕባ ፅገና አቑሑት ዝምልከት ብማሕበራት ተጠቀምቲ ማይ ስሪት አተኣታትዩ ግደ ገንዘባዊ ወፈያ ድጋፍ ኮዎሽ ይገብርን ምምሕዳራዊ ዕደጋ መለዋወጢ አቑሑት የሳልጥን፡፡ ኮዋሽ ነቲ ክልል ኣብ ህንፀት መኽዝን መለዋወጢ አቑሑት ይድግፍን መዳርግቲ ፈንድናብቲ ዋሽኮ ንዕደጋ መለዋወጢ የእቱን፡፡ሞዳሊቲ ተጠቀምቲ ማይ ማሕበራት ክሳብ ሙሉእ ጊዜ ሰራሕተኛታት፣ እንተወሓደ ክልተ ሰራሕተኛ/መሸጣን ሒሳብን ሰራሕተኛታት/ ኣብቲ መኽዝን ክሳብ ዝሰርሑ ምስ ልምዓት ኢንተርፕራይዝ ኣረዳድኣ ኣይገጥሙን፡፡

ኢንተርፕራይዛት ኣብ ኣካላት ዋሽ /ቀረብ መለዋወጢ አቑሑት፣ ፅገና ግልጋሎት ማይ፣ ህንፀት ግልጋሎት ማይን ዕዳጋ ፅሬትን/ ክሳብ ዝሰርሑ ኮዋሽ ንክሰፍሑን ኣብቲ ስራሕቲ ቢዝነስ ቀፃልነት ክህልዎምን የበራትዕ፡፡ ዋሽ ከም ማዕቀፍ ቢዝነስ ንምውሳድ ውፍይነት ተዋሳእቲ ክልላዊ ዋሽን ሓላፍነት ዘለዎም ኣካላት ልምዓት ኢንተርፕራይዝን ምስ ቢሮ ንግዲን ኢንዱስትሪን ተመያይጦም ክፈትሑን ኣለዎም፡፡

ኮዋሽ ረቛሒ መረፃ መርኣያ /ፓይሎት/ ወረዳታት ኣዳልዩ ንኩለን ኮዋሽ ክልላት ኣካፊሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ረቛሒ መርኣያ ወረዳታት ኣብ ሕድ ሕድ ክልል ኣብ ክልተ ዙር ተመሪፀን እየን፡፡ካብተን 76 ኮዋሽ ወረዳታት ጠቕላላ 19 ወረዳታት/25%/ ኣብ 12 ዞባታት ካብ መጀመሪያ ተጠቀምቲ እየን፡፡ ኣብዚ ኣብ ሕድ ሕድ ክልል ዝጣየሹ ካብቶም ዘድልዩ ቁፅሪ ኢንተርፕራይዝ ብዘይበለፀ ተወሲኸቲ ወረዳታት ከም ኣድላይነቱ ክውሰኹ እዮም፡፡

ከምቲ ኣብ ዝስዕብ ሰደቓ ዝተሓበረ 2 መርኣያ ወረዳታት ካብ ኣምሓራን 1 መርኣያ ወረዳ ካብ ሕድ ሕድ ዝተረፉ 4 ክልላትን / ብ* ዝተመልከቱ/ ኣብ ቀደማይ ዙር ተመሪፆም እቶም ዝተረፉ ኣብ ግንቦት ዝውድኡ ኣብ ምዝዛም ኣብ አዲስ አበባ ዝተሳለጠ ዎርክሾፕ ትልሚ ብደቂ ኣነስትዮ ዝምርሑ ደኣንት ብኮዋሽ ኣብ ምጥያሽ ክዛዘሙ እዮም፡፡

## ሰደቓ 1፡- ዝርዝር ብኮዋሽ ንምጥያሽ ብደቂ ኣነስትዮ ዝምርሑ ወረዳታት

| ቁፅሪ | ክልል | ወረዳ | ዞባ | ቁፅሪ ዝጣየሹ ኢንተርፕራይዝ |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ኣምሓራ | ጓጉሳ<br>ሺልኩዳድ*<br>አንካሻ<br>ባሶና ወራና*<br>አንፆጊያ ገምዛ | ኣዊ<br><br>ኣዊ<br>ሰሜን ሸዋ<br>ሰሜን ሸዋ | 6 |
| 2 | ቤንሻንጉል ጉሙዝ | ባምባሲ*<br>ኦዳ | አሶሳ<br>አሶሳ | 4 |
| 3 | ኦሮሚ | ከርሳ*<br>ጉማይ<br>ኖኖ በንጃ<br>አቡቹ ነገያ<br>ጂዳ | ጂማ<br>ጂማ<br>ጂማ<br>ሰሜን ሸዋ<br>ሰሜን ሸዋ | 5 |
| 4 | ህዝብታት ደቡብ | ዙሪያ አርባ ምንጭ*<br>ዱና<br>አርቦጎና<br>ኢሳራ<br>ቶቸሃ | ጋሞጎፋ<br>ሃዲያ<br>ሲዳማ<br>ዳውሮ<br>ዳውሮ | 5 |
| 5 | ትግራይ | መደባይ ዛና<br>ታሕታይ ማይጨው<br>እንዳመኾኒ | ሰሜን ምዕራብ<br>ማእከላይ<br>ዞባ ደቡብ | 6 |

ኮዋሽ ምስ ወረዳን ዞባን መዳርግቲ ወረዳ ኣብ ዝተመረፁ ኣብ 1ይ ዙር /ዕዳጋ ምስ ኣብዚ ላዕሊ ዘሎ ሰደቓ ምይይጥ ኣካይዱ እዩ፡፡ እቲ ምይይጥ ብዋሽ ቢዝነስ ዝጣየሹ ሓደሽቲ ኢንተርፕራይዛት ወይ ዝጠናኸሩ ኢንተርፕራይዛት ይሓውስ፡፡ ነቶም ኣብ ካልአይ ዙር ዝተመረፁ መርኣያ ወረዳታት ምይይጥ ምስ ክልላዊ መዳርግቲ ኣካላት ኣብቲ ኣብ ኣዲስ አበባ ዝተኻየደ ዎርክሾፕ ተሳቲፎም እዮም፡፡፡

ብምጥቕላል ንደኣንት ክንዲ ዝከኣል ዝጣመሩ ቢዝነስ ንምጥያሽ ወይ ንምጥንኻር ምስ ኮዋሽ ደገፍ ኣብ ሕድ ሕድ ክልል ከምዚ ዝስዕብ ተቐሚጡ ኣሎ፡፡

## ሰደቓ 2፡ክጣመሩ ዝኽእሉ ዋሽ ዝድገፍ ብደቂ ኣነስትዮ ዝምርሑ ደኣንታት

| ክልል | ብውልቀ ምጥያሽ/ምጥንኻር ዕዳጋ ዕሬት | ብውልቀ ምጥንኻር ፅገና ግልጋሎት ማይ | ምጥያሽ /ምጥንኻር ፅገና ግልጋሎት ማይን ቀረብ መለዋወጢ አቑሑትን ንኢንተርፕራይዝ | ምጥያሽ/ምጥንኻር ዕዳጋ ዕሬት፣ ፅገና ግልጋሎት ማይን ቀረብ መለዋወጢ አቑሑት እቲ ወረዳ ንኢንተርፕራይዘ ቀረብ መለዋወጢ አቑሑት እንተኽኢሉ | ምጥያሽ /ምጥንኻር ዕዳጋ ዕሬት፣ ህንፀት ግልጋሎት ማይን ሐበራዊ ግልጋሎት ፅገናን | ምጥያሽ መለዋወጢ አቑሑት ብማሕበራት ተጠቀምቲ ማይ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ኣምሓራ | X | | X | X | | |
| በንሻንጉል ጉሙዝ | | | | | X | X |
| ኦሮሚያ | X | | X | | | |
| ህዝብታት | X | | X | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ደቡብ | | | | | | |
| ትግራይ | X | X | | | | |

## 3.2 ኣካይዳ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ደኣንት ኮዋሽ

ኮዋሽ ኣብ ዘካየዶ ዳህሳስ ሐዚ ዋሽ ዝምልከቱ ኢንተርፕራይዛት ደኣንት ንምጥያሽ ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ዘለዉ ልምድታት መሰረት ብምግባር እዞም ዝስዕቡ ኣካይዳታት ኣብ እዋን ትግበራ ኣብ ግምት ክኣትዉ ተሓንፂዖም ኣለዉ፡፡

- ✓ **ደቂ ኣንስትዮ ዝመርሕኡ-** ማለት ኣባላቱ ደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ማለት ኣይኮነን እዚ ማለት ኣብ ወሰንቲ ኣመራርሓ ደቂ ኣንስትዮ ይሕዛ ማለት እዩ፡፡ ክልተ ኣመራርሓ ማለት ኣቦ መንበርን/ወይ ዋና ኣካያዲ ስራሕ/ን ተሓዚት ገንዘብን ኣብ ሓደሽቲ ዝጣየሹ ኢንተርፕራይዛት ናይ ግድን ብደቂ ኣንስትዮ ክተሓዙ ዘለዎም ቦታታት ኮይኖም ናይ ፀሓፊ ቦታ'ውን ከም ኩነታቱ በጓል ኣንስተይቲ ክተሓዝ ይኽእል እዩ፡፡
- ✓ እንተነኣሰ ደቂ ኣንስትዮ 40% ኣባላት ኣብ ሓደሽቲ ዝጣየሹ ደኣንትታት ይህልዋ፡፡
- ✓ ኣካል ጉዱኣት ተኹረት ይወሃቦም፡፡ ብኣካል ጉዱኣት ምኽንያት ኣፈላይ ኣይግበርን፡፡
- ✓ ኣብ መርኣያ ወረዳታት ምስ ኩሎም ኣድለይቲ ትካላት /ማይ ቤት ፅሕፈት፣ ጥዕና፣ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ፣ ኤጀንሲ ልምዓት ደኣንት ወይ ኤጀንሲ ቴቪኢቲ ወይ ኤጀንሲ ውሕስና ምግቢ ከተማን ፈጠራ ስራሕ፣ ቴቪኢቲ፣ ምምሕዳር ወረዳ፣ ንግድን ኢንዱስትሪን ምስራሕ
- ✓ ዝተጣየሹ ዋሽ ኢንተርፕራይዛት-ምስ ኣድላይ ግንዛበ ደቂ ኣንስትዮ ዝመርሖኦን ተሳትፎ ጉዱኣት ኣካላት ኣብ ግምት ብምእታው ምጥንኻርን፡፡
- ✓ በቢ ኢንተርፕራይዙ ካብ 5-7 ኣባላት ንሓደሽቲ ዝተጣየሹ ኢንተርፕራይዛት፣ ወረዳ ዘእምን ጉዳይ እንተልይዎ ቁፅሪ ኣባልት ምውሳኽ ይከኣል፡፡
- ✓ ድልየት ኢንተርፕራይዝ ንምፍጣር ስራሕቲ ኣብዚሕኻ ምግዋሕ /ምፍላጥ/ ምስራሕ የድሊ፡፡
- ✓ ስራሕቲ ዕደጋ ፅሬት ምስ ከባቢ ትካላት ጥዕና ተዛሚዱ ክስራሕ ኣለዎ፡፡
- ✓ ኣብ ምትሕሓዝ ዕዳጋ ምዕባይ ዓቕሚን ምጥንኻርን ምትኳር የድሊ፡፡ እዚ ማለት ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑትን ወሃብቲ ግልጋሎት ፅገናን ምስ ዋሽኮ ምትሕሓዝ፣ ናይ ጣቢያ ዕጥና ሰራሕተኛታት እንኮላይ ሰራሕተኛታት ጥዕና ቤተሰብን ቀበሌ ቤት ምኽሪን ምስ ዕዳጋ ፅሬት ምትሕሓዝ፡፡
- ✓ ኢንተርፕራይዛት ኣብ ምጉልባት ክእለት፣ ስግግር ፍልጠት፣ ካይዘንን ኢንተርፕሪየነርሺፕ ብስልጠና ምድጋፍ፡፡
- ✓ ድሕሪ እቲ ስልጠና ሕድ ሕድ ኢንተርፕራይዝ ቢዝነስ ፕላን ከዳልዉን ምህርቶምን ቢዝነሶምን ምስፋሕ የድልዮም፡፡
- ✓ ምስ ክልላዊ ዕደጋ ፅሬት ስርዓት ብምዝማድ ምስራሕ፡፡ እቲ ስርዓት እዚ እንተሃልዩ ፍልጠትን ልምድን ንምርካብ ከምኡ'ውን ንምዕባይ ዕዳጋ ፅሬት ቢዝነስ ኣብ ካልኦት ወረዳታት ይሕግዝ፡፡
- ✓ እዞም ዕዳጋ ፅሬት ኢንተርፕራይዛት ኣብ ጥቓ ትካል ጥዕናን ግልጋሎት ፅገና ማይን /ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑት ኣብ ዋና ከተማ ወረዳ ክኾኑ ኣብ ግምት ይኣቱ፡፡
- ✓ ኣብ ዋሽ ምህርቲን ግልጋሎትን ክእለት መዕበይ ስልጠና ብምሃብ ፅሬት ክረጋገፅ ጥቡቕ ክትትል ምግባርን ንኢንተርፕሪየነራት ምስ ዝተፈቐደሎም መቕረብቲ ምትሕሓዝን /እንተተካኢሉ/ጥረ ኣቑሑት ንምዕዳግ ክረጋገፅ ኣለዎ ፡፡

# ዑደት ደረጃታት ልምዓት ደኣንት ኣብ ኮዋሽ

እዚ ካብዚ ስዒቡ ዝርከብ ደረጃታት ዑደት ፕሮጀክት ብኮዋሽ ኣብክልላት ብሓፈሻን ኣብ መርኣያ ወረዳታት ብፍላይን ዝፍፀም እዩ፡፡

## 4.1 ደረጃ ዲዛይን ንምጥያሽ ደኣንት ኣብ ኮዋሽ

### 4.1.1 ዝርዝር መዳርግቲ ኣካላት

ክልላዊ ጉጅለ ድጋፍ ኮዋሽምስ ክልላዊ ልምዓት ደኣንት/ልምዓት ቴክኒካል፣ ሞያን ደኣንትን/ኤጀንሲ ምርግጋፅ ምግቢ ውሕና ከተማን ፈጠራ ስራሕን ብምትሕብባር ኣብቲ ወረዳ ዋሽን መረኣያ ወረዳታትን ኣብ ምጥያሽ ደኣንት ክሳተፉ ናይ ዝኽእሉዝርዝር መዳርግቲ ኣካላት ክተሓዙ ኣለዎም፡፡

ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ዕደጋ ዕሬት ንምፍላጥ መረዳድኢ ሰነድ ኣብ መንጎ ኣርባዕተ መንግስታዊ ትካላት ብደረጃ ፌዴራል ተፈሪሙ ኣሎ፡፡ እዞም ፈረምቲ

1. ሚኒስቴር ጥዕና፣

2. ኤጀንሲ ቴክኒክን ሞያንትምህርትን ስልጠናን

3. ትካል ማይክሮ ፋይናንስን

4.-ኤጀንሲ ልምዓት ደኣንትን እዩ፡፡

ተግባርን ሓላፍነትን ሕድ ሕድ ትካል ኣብቲ መረዳድኢ ሰነድ ተገሊፁ እዩ፡፡ እዚ መረዳድኢ ፌርማ ኣብ ዝምልከቶም ናይ ኮዋሽ ክልላዊ ቢሮ/ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣነስትዮንን ህፃናትን ኣብ ኣምሓራ ጥራሕ/ ንምትእትታው ፈተነ ገይሩ እዩ፡፡ እዚ ክልላዊ መረዳድኢ ሰነድ ነቲ ክልል ብዝሰማማፅ ተመሳሳሊ ሓላፍነት ዘንፀባርቕ እዩ፡፡ ቅዳሕ ዝተፈረመ መረዳድኢ ሰነድ ናብ ኣምሓራ ክልል/ብኣምሓርኛ/ን ናይ ኦሮሚያን ንመርኣያ ምስ እዚ ተታሒዞም ኣለዉ፡፡

ሕዛል 1. ናይ ኣምሓራ ክልላዊ መንግስቲ መረዳድኢ ሰነድ ዕዳጋ ፅሬት ንምስላጥ ኣብ መንጎ

ክልላዊ መንግስት ኣምሓራ መረዳድኢ ሰነድ ንዕዳጋ ፅሬት ምስ ቢሮ ጥዕና፣ ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያን ልምዓት ኢንተርፕራይዝን፣ ልምዓት ቢዝነስንቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣነስትዮን ህፃናትንን ኣምሓራ ትካል ልቓሕን ዕቋርን ተፈሪሙ እዩ፡፡

ኦሮሚያ ክልላዊ መንግስት ኣብ ምድጋፍን ምፍላጥን ክልላዊ ዕደጋ ፅሬትን ልምዓት ቢዝነስን መረዳድኢ ሰነድ ኣብ መንጎ ቢሮ ጥዕና፣ኤጀንሲ ፈጠራ ስራሕን ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢን፣ ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያን፣ ትምህርትን ስልጠናንን ኦሮሚያ ልቓሕን ዕቑርን ሕብረት ሽርክና ማሕበርን ተፈሪሙ እዩ፡፡

ኮዋሽ ኣብ ሕድ ሕድ ክልል ምስ ወሰንቲ ኣካላት መንግስቲ ብምፍራም ኣቢሉ ሰነድ መረዳድኢ ንምቹው ኩነታት ይጥቀም፡፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ፈረምቲ መዳርግቲ ኣካላት መንግስቲ ኣብ ዕዳጋ ፅሬት ቢሮ ማይ፣ ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣነስትዮን ህፃናትን ቢሮ ስራሕተኛንማሕበራዊ ጉዳይን ከም ጠቕምቲ

ኣጋራት ይሕሰብ፡፡ ምኽንያቱ ብኮዋሽ ዝሳለጡ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ስራሕቲ ሴክተር ማይ ምስ ዕዳጋ ዕሬት ብምጥማር ንክስራሕ ስለዝሕግዙ እዩ፡፡

ንናይ ዞባዊ ኣብያተ ፅሕፈት ማይ፣ ጥዕና፣ ልምዓት ደኣንት፣ ልምዓት ቴክኒክ ፣ ሞያን ትምህርትን፣ ኤጀንሲ ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢን ከተማን ፈጠራ ስራሕን፣ ቴክኒክ፣ ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ትካላት ማይክሮ ፋይናንስን ኣብ ሕድ ሕድ ክልል መርኣያ ወረዳታት ቴክኒካዊ ደጋፍ ይህብ፡፡ እዞም ዝተመረፁ መርኣያ ወረዳታት ድማ ብቀጥታ ኣብ ምጥያሽ ደኣንት፣ ምዕባይ ዓቕሚ ኢንተርፕሪየነር፣ ምቕራብ ምህርትን መሸጢ ቦታን፣ ንመጀመሪ ዝኸውን ገንዘብ ንምቕራብ ምስ ማይክሮ ፋይናንስ ትካላት ምትእስሳር / ኣብ ድልየት ብዝምስረት/ ብመሰረት ብመንግስቲ ዝተውሃቦም ስልጣን፡፡ እቲ ዝርዝር ዝስዕብ እዩ፡፡

## ሰደቓ 3፡ ተግባርን ሓላፍነትን ኣብ ምጥያሽ ዋሽ ደኣንት

| ሽም ቤ/ፅሕፈት | ግደ ቤት ፅሕፈት ኣብ ምጥያሽ ዋሽ ደኣንት |
|---|---|
| **ወረዳ ቤት ፅሕፈት ጥዕና** | • ሰራሕተኛታት ሴክተር ጥዕና /ቤት ፅሕፈት ጥዕና ፣ ሰራሕተኛታት ስድራ ጥዕና፣ ጣቢያ ጥዕናን ኬላታት ጥዕናን/ ድልየት ጠለብ ንምህርቲ ዕሬትን ስነ ጥዕናንኣብ ገጠር፣ ከፊልከተማን ከተማን ከባቢታት ይመርሕዎ<br>• ሰራሕተኛታት ሴክተር ጥዕና /ቤት ፅሕፈት ጥዕና ፣ ሰራሕተኛታትስድራ ጥዕና፣ ጥዕና ጣብያን ኬላታት ጥዕናን/ፅሩይ ቀረብ ዝስተ ማይ ብቀፃልነት ክህሉ ንሕብረተሰብ የላዕሉ፡፡<br>• ንኢንተርፕሪየነራት ዕደጋ ዕሬት ኣብ ዲዛይን፣ ምቕዳሕን ስታንዳርድ ምህርቲ ፣ ኣብ ምግባርን እንኮላይ ምትማን ዋጋ ምህርቲ / ስላብን ንመሕፀቢ ኢድ ጀሪ ታኒካን ምስ መግጠሚ /ሻመር ግልጋሎት ምድጋፍ፡፡<br>• ምስ ቴክኒክ፣ ሞያን ትምህርትን ስልጠናን /ልምዓት ደኣንት ቤት ፅሕፈት ብምዃን ዕዳጋ ዕሬትን ኢንተርፕሪየነር ትልሚ ኣብ ምድላውን ምክትታል ትግበራን ምሕጋዝ፡፡<br>• ኢንተርፕሪየነራት ዕዳጋ ምትእስሳር ክረኽቡ ይሕጋዝ፡፡<br>• ብኢንተርፕሪየነራት ዕዳጋ ዕሬት ዝስርሑ ፍርያታት ዕሬት ዝምልከት እዋናዊ ክትትልን ዕሬቶም ምርግጋፅን፡፡ /እንተተኻኢሉ ካልኦት መዳርግቲ ዋሽ'ውን ኣብ ክትትል ይሳተፉ/<br>• በቢ ርብዒ ዓመቱ ዕግበት ተጠቀምቲ ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት ኢንተርፕሪየነር ዕደጋ ዕሬት ምድህሳስ<br>• ኩነታት ከይዲዕደጋ ዕሬት ጉጅለ ቢዝነስ ዝምልከት ፀብፃብ ኣካል ኮዋሽ ንምግባር ምድላው፡፡<br>• ዝተረኽቡ ትምህርትታት /ብሉፅ ተሞክሮን ነፀብራቕን /ብመሰረት ማስታወሻ[6] እዚ መምርሒ/ |
| **ወረዳ ቤት ፅሕፈት ሃፍቲ ማይ** | • ደገፍ ትካል ቴክኒክ፣ ሞያን ትምህርትን ስልጠናን /ክም ኣድላይነቱ/ኣብ ምሃብ ስልጠና ኢንተርፕሪየነራት ኣብ ስሪት ግልጋሎት ማይ ፅገናን ኣብ ምዕባይ ዓቕምን ጥቡቕክትትልን ምክያድ፡፡<br>• ምስ ትካል ቴክኒክ፣ ሞያን ትምህርትን ስልጣናን ወይ ቤት ፅሕፈት ደኣንት፣ ብምዃን ኣብ ስራሕቲ ግልጋሎት ማይ ፅገና ኣብ ምድላው ትልሚ ቢዝነስን ትግበራን ምስራሕ፡፡<br>• ፅቡቕ ግልጋሎት ንምፍፃም ኢንተርፕሪየነራት ምስ ኮዋሽን ቀበሌ ምምሕዳርን ምትእስሳር ፡፡<br>• ቤት ፅሕፈት ወረዳ ኣብ ግልጋሎት ፅገና እቲ ዝድለ ፅገና ልዕሊ ዓቕሚ ኢንተርፕሪየነራት እንተኾይኑ ደገፍ ቤት ፅሕፈት ማይ ኢዱ የእቱ<br>• ንኢንተርፕሪየነራት/ስራሕ ፈጠርቲ/ ምትእስሳር ዕዳጋ ምፍጣር<br>• ዕግበት ብናይ ኮዋሽ ንግዲ ስራሕቲ/ቢዝነስ/ ዝወሃብ ግልጋሎት ከመይ ከምዝኾነ ፀብፃብ ዝርከበሉ ሜላ ምፍጣር<br>• እቲ ልምዲ ንምስፋሕ ዝጠቅም ብሉፅ ተሞክሮ /በቲ መምርሒ መሰረት/ ብምሓዝ ንመምሃሪ ዕላማን ንምግፋሕን ምስናድ |

[6]ብኮዋሽ ዝወሃብ፡፡

| ሽም ቤ/ፅሕፈት | ግደ ቤት ፅሕፈት ኣብ ምጥያሽ ዎሽ ደኣንት |
|---|---|
| ብመሰረት ኩነታት ክልል<br><br>ቤት ፅሕፈት ደኣንት ወረዳ<br><br>ወይ<br>ቤት ፅሕፈት ቴክኒክ፣ ሞያንን ልምዓት ኢንተርፕራይዝ<br><br>ወይ<br>ቤት ፅሕፈት ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢ ከተማን ፈጠራ ስራሕን | • ሽቶን ዝተጣየሹ ደኣንትኣብ ፅዳጋ ፅሬትን/ወይ ኣብ ፅገና ግሊጋሎት ማይ<br>• ኢንተርፕሪየነራት ንስልጠና ንምምዳብ ዳህሳስ ክፍተት ዓቕሚ ምክያድ<br>• ክእለት ንምጉልባትን ኢንተርፕየነርሺፕ ስልጠና ንምሃብን ብመሰልጠንቲ ትካላት ምትሕሓዝ<br>• ኢንተርፕሪየነራት ንምፍረዪን መሸጣን ክግልገሉ ህንፀት[8] ሼድ/ መኻዚኖ ምሃብ<br>• ኢንተርፕየነር ኣብ ዲዛይን፣ ምግልባጥ፣ን ስታንዳርዳይዝ ምግባርን ምሕጋዝ /ከም ኣድላይነቱ ኣብያተ ፅሕፈት ማይን ጥዕናን ምእታው/<br>• ብምድላው ክእለት ትልሚ ቢዝነስ ምግባርን ባፅሎም እቲ ትልሚ ንክሰርሑ ምሕጋዝ፣ /ከም ኣድላይነቱ ኣብያተ ፅሕፈት ማይን ጥዕናን ምስታፍን/ን ኣብ ትግበራኡ ክትትል ምግባር፡፡<br>• ኢንተርፕሪነራት ልቓሕ ንክረኽቡ ምስ ማይክሮ ፋይናንስ ትካላት ምትሕሓዝ/እንተተኻኢሉ ትሑት መጠን ወለድ ዘለዎም/<br>• ኣካል ርብዒ ዓመታዊ ፀብፃብ ኮዋሽ ንክኸውን ናይ ዝተጣየሹን /ዝተጠናኸሩ ከይዲ ፀብፃብ ምስናድ<br>• ዝተረኸበ ትምህርቲ/ብሉፅ ተሞክሮን ግብረመልሲን/ብመሰረት ናይዚ መምርሒ ማስታወሻ[9]/ ንሰፊሕ ምግፋሕን ፅላማ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ምፍላጥን ንምስፋሕን |
| **ትካል ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን** | • ስልጠና ምጉልባት ክእለት፣ ስግግር ቴክኖሎጂ፣ ኢንተርፕሪየነርሺፕን ካይዘንን ምክያድ<br>• ንኢንተርፕሪየነርኣብ ዲዛይን፣ ምቕዳሕን ፍርያት ስታንዳራይዝድ ኣብ ምግባር ምድጋፍ/ ከም ኣድላይነቱ ምስ ኣብያተ ፅሕፈት ማይን ጥዕናን ብምምኻር/<br>• ሰልጠንቲ ፅሬት ዘለዎ ስላብ ከምዘፍሪዩ ኣፍልጦ ምሃብ<br>• ቁፅሪ ሰልጠንቲ ብፆታ፣ ዓይነት ስልጠና፣ን እዋን ስልጠናንን ብምስናድ ናብ ወረዳ ልምዓት ደቀቕትን ኣናእሽተይን ኢንተርፕራይዝ ምፅብፃብ<br>• ሞያዊ ስታንዳርድን ማፅቐፍ ዳህሳስን እዋናዊ ናይ ሓፂር እዋን ስልጠና ምፍራይ ስላብ ኣብ ቀፃሊን ኣጠቓቕማ ፓኬጅ ስልጠና[10] |

| | |
|---|---|
| ቤት ዕሕፈት ወረዳ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን | • ጠለብ ግልጋሎት ዎሽ ኣብ ሕብረተሰብ ንምብፃሕ ኣብ ታሕቲ ደረጃ ዘለዉ ዝተፈላለዩ መሓውር ደቂ ኣነስትዮ ምጥቃም /ከምኒ ግንባር ልምዓት ጥዕና፣ ብደረጃ መንደር ጉጅለ ዕቑርን ልቓሕን፣ ወዘተ… /<br>• ምስ ኤጀንሲ ልምዓት ደኣንት/ቤት ዕሕፈትቴክኒካል ሞያን ቤት ዕሕፈት ልምዓት ኢንተፕራይዛት ኣብ መረዳእታ ስራሕ ዘይብሎም ደቂ ኣንስትዮ ብምልላይ እንኮላይ ሽቶ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ብሓዲሽ ዝተጣየሹ ጉጅለን ኣታሕዛ ቦታ ስልጣንን<br>• ኣብብደቂ ኣንስትዮ ኣመራርሓ ዝተትሓዙ ንግዲ ስራሕቲ /ቢዝነስ//ንግዲ ስራሕ ፈጠራ/ ኢንተርፕራየነራት ናይ ኣመራርሓ ስልጠና ምሃብ<br>• ሞዴል ናይ ዝኾኑ ቢዝነስ ደቂ ኣንስትዮ ምልላይ፣ ምሽላምን ልምደን ንካልኦት ንከካፍሉ ዕድል ምሃብ<br>• ኢንተርፕሪየነራት ምትእስሳር ዕዳጋ ክረኽቡ ምድጋፍ |
| ወረዳ ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን | • ኣብቶም ሓደሽቲ ዝተጣየሹ ጉጅለታት ንምልላይ ምስ ኤጀንሲ ልምዓት ደቀቕትን ኣናእሽተይን /ቤት ዕሕፈት ቴክኒካል ሞያን ልምዓት ኢንተርፕራይዝን ብምኳን ስራሕ<br>• ኣካል ጉዱኣት ፅቡቕ ኩነታት ስራሕ ንክህልዎም ከምብሓዱሽ ኣብዝተጣየሹ ጉጅለ ቢዝነስ ቦታ ስራሕቲ ዑደት ምግበርን ኣድላይ መስተኻኸሊ ምግባርን /ከም ኣድላይነቱ/<br>• ኢንተርፕሪየነራት ምትእስሳር ዕዳጋ ክህልዎም ምድጋፍ |
| ትካላት ማይክሮ ፋይናንስ | • ኢንተርፕሪየነራት ምትእስሳር ዕዳጋ ክህልዎም ምድጋፍ<br>• ቅድሚ ልቓሕ ክማልኡ ብዛዕባ ዝግበኦም ክማልኡ ሓበሬታ ምሃብ<br>• ፍልፍላት ፋይናንስ ምንቅስቓስን ምቕራብን<br>• ውፅኢታዊነት ትልሚ ቢዝነስ ኢንተርፕሪየነራት ምፍታሽ<br>• ኣብ ክትትል፣ ምምሃርን ግብረ መልስን ምስታፍ |

-------------------------

[11]ሓደ መማረፂ ዓለም ለኽ ዓመታዊ በዓል ደቂ ኣነስትዮ ክኸውን ይኽእል
[12]ወረዳ ስራሕን ማሕበራዊ ጉዳይን እንተዘይሃለወ'ውን መረዳእታ ጉዱኣት አካል ካብ ወረዳ ምምሕዳራት ወይ ወረዳ ጉዳይ ደቂ ኣነስትዮን ህፃናት
ምእካብ ይከኣል

### 4.1.2 ምዕባይ ግንዛበ ኣብ መዳርግቲ ኣካላትኮዋሽ

ሀ. ንክልላዊ መዳርግቲ ኣካላት ናይ መሰልጠንቲ መሰልጠኒ - ከም ሓደ ትሕዝቶ ምዕባይ ዓቕሚ ኮዋሽ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ናይ መሰልጠንቲ ስልጠና [13] ንምትእትታው መምርሒ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ምጥያሽ ደኣንት ብደረጃ ፌዴራል 35 ኮዋሽ ክልላት ጠቕምቲ ሴክተር ሰብ ሞያ ሂቡ እዩ፡፡ እዚ ስልጠና ካብ ክልላት ኣብቲ መምርሒ ዝውሰኹ ግብኣታት ዕድል ፈጢሩ ኣብ ሓደ ስምምዕነት ክበፅሕ ክኢሉ እዩ፡፡ ምስ እዚ ተሳተፍቲ እቶም በቢ ክልሎም ዝተመረፁ መርኣያ ወረዳታት ዳግም ተቐቢለምዎም እዮም፡፡ እዞም ሰልጠንቲ እቲ ስልጠና ዝምልከቶም ሴክተር ኣብያተ ዕሕፈት መርኣያ ወረዳታትን ዞባታትን ከውርድዎም ትፅቢት ይግበረሎም፡፡

## ሰደቓ 4፡ መጠቓለሊ ኣብ መሰልጠኒ ስልጠና ዝተሳተፉ ክልላዊ መዳርግቲ ኣካላት

| ክልል መዳርግቲ ኣካላት | ሞያ | ኣግባብነት ዘለዎ ልምዲ |
|---|---|---|
| ቢሮ ጥዕና | በዓል ሞያ ኣብ ዕዳጋ ዕሬት | ኣብ ምውዳብን ክትትል ምግባርን ዕዳጋ ዕሬት ኢንተርፕራይዝ ልምዲ ዘለዎ |
| ቢሮ ሃፍቲ ማይ/እንኮላይ ካብ ክልላዊ ኮዋሽ ድጋፍ ወሃቢ ክፍሊ/ | በዓል ሞያ ኣብ ስራሕን ፅገናን ግልጋሎት ማይ | ኣብ ምውዳብን ክትትልን ምግባርን ስራሕቲ ማይን ፅገናን ኢንተርፕራይዝ ልምዲ ዘለዎ |
| ቢሮ ደቀቕትን ኣናእሽተይን /ልምዓት ተክኒካዊ ሞያ ኢንተርፕራይዝ/ኤጀንሲ ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢ ከተማን ፈጠራ ስራሕን | - ቴክኒካል ሰራሕተኛ<br>- ኮዋሽ ተፀዋዒ | ኣብ ምውዳብን ክትትል ምግባርን ዋሽ ኢንተርፕራይዛትኢንተርፕራይዝ ልምዲ ዘለዎ |
| ትካል ቴክኒን ሞያን፣ ትምህርትን ስልጠናን | - ኣብ ዕደጋ ዕሬት መሰልጠኒ/ፅገና ግልጋሎት ማይ | ኣብ ቴክኒክ ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ስልጠና ሰክተር ዋሽ ክህብ ዝኽእል |
| ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን | በዓል ሞያ ኣብዕብየት ኢኮኖሚ ደቂ ኣንስትዮ | ኣብ ምውዳብን ጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ ምድንፋዕ እቶት ስራሕትን ክትትል ምግባርን |

### ለ. መርኣያ ወረዳን ስልጠና ዝምልከቶም ናይ ዞባ መዳርግቲ ኣካላት

ዝሰልጠኑ ክልላዊ መደርግቲ ኣካላት ናብቶም ዝተፈለለዩ መዳርግቲ ኣካልት/4.1.1/ ዝተመረፁ መርኣያ ወረዳታትን ዝምልከቶም ዞባታትን[15] የውርድዎ፡፡ እቲ ስልጠና ን3 መዓልቲ ክወሃብ ተተሊሙ እዩ፡፡ ሚላ ኣሰለጣጥና ብፓወር ፖይንት ምቕራብ፣ ምይይጥ ተሳተፍቲ፣ኣብቲ እዋን ስልጠና ዝሸፈኑ ዋናዋና ጉዳያት ማለት ምስ እዚ ኣርእስቲ ስልጠና ኣብዚ መምርሒ እዚ ዘለዉ ክፋላትን /ወይ ኣግባብነት ዘለዎም ሕዛላትን ምግላፅን ይሓውስ፡፡

[13] ካብ ሰነ 16 ክሳብ 18 2009

[14] መራሒ ጉጅለ ሕብረተሰብ ዝመርሖ ከይዲፕሮጀክት ስፔሻሊስት፣ ዕሬትን ሃይጂንን ስፔሻሊስት፣ ጀንደርን ደኣንት ስፔሻሊስትን ኤም &ኢ ስፔሻሊስት

[15] ናይ ዞባ ተሳተፍቲ ቤት ፅሕፈት ማይ፣ ጥዕና፣ ደኣንት/ ልምዓት ቴክኒን ሞያን ኢንተርራይዝ፣ ጉዳይ ደቂኣነስትዮን ህፃናትን ቴክኒካል ድጋፍ ንክህቡ ተባሂሉ ዝሓወሰ እዩ፡፡

## ሰደቓ 5፡- ቀንዲ ኣርእስቲን ኣብዚ መምርሒ እዚ ዝተረቑሑ ክፋላትን

| ቁፅሪ | ዝርዝር | ኣብዚ መምርሒ ብዝተረቑሑ ክፋላትን ሕዛላትን |
|---|---|---|
| 1 | **ትሕዝታዊ ትርጉም** | ትርጉም ቃላት |
| 2 | **ሓፈሻዊ** | |
| | • ኣብ ናይ ኢትዮጵያ 2ይ ትልሚ ስግግርን ዋና ነጥብታትን | ክፍሊ 1 |
| | • ዋና ነጥብታት ኣብ ኮዋሽ 3ይ ዙር /ብዝምልከቶም ክልላዊ ጉጅለ ደገፍ ሰራሕተኛታት ዝዳሎ፡፡ ኣብ ልዕሊ እዚ እቲ ዝተተሓሐዘ ፣እቶም ሰራሕተኛታት ክልላዊ ጉጅለ ደገፍ ተወሳኺ ክልላዊ ሓበሬታ/<br>• ዕላማ፣ ፋይዳ፣ ውፅኢትን ስራሕቲን 3ይ ዙር ደኣንት | ክፍሊ 1.1<br>ሕዛል 2<br><br>ክፍሊ 1.2 |
| | • ኮዎሽምጥያሽ | |
| 3 | **ዕድላት ዋሽ ቢዝነስ ሴክተር** | |
| | • ብዛዕባ ዕደጋ ዕሬት መምርሒ ምግላፅ፡፡/ብክልላዊ ወይ ዘባዊ ጥዕና ሰራሕተኛታት/ | ክፍሊ 2.1<br>ሕዛል 2 |
| | • ኣብ ስትራተጂ ብሄራዊ ጥዕና ከባቢያዊ ስነ ዕሬት ምግላፅ /ብክልላዊ ወይ ዘባዊ ጥዕና ሰራሕተኛታት/ | ሕዛል 2 |
| | • ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑትን ምንቅስቓስን ፅገናን ግልጋሎት ስራሕቲ ማይን | ክፍሊ 2.2<br>ሕዛል 2 |
| | • ኣብ ልምዓት ደአንት ስልጣን ዘለዎምትካላት | ክፍሊ 2.3 |
| 4 | **ሽቶን ኣካይዳን** | |
| | • ሽቶ ኮዋሽ ተኮር ደኣንት ደኣንት ምጥያሽ/ምጥንኻር ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ኢንተርፕራይዛት ምስ ዝተፈላለዩ ቢዝነስ ዕደጋ ዕሬትን ፅገና ግልጋሎት ማይን ብምጥማር እዩ፡፡ | ክፍሊ 3.1 |
| | • ኣካይዳ ምጥያሽ/ምጥንኻር ኢንተርፕራይዛት ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ኮዋሽ ተኮር ደኣንት | ክፍሊ 3.2 |
| 5 | **ፕሮጀክት ደረጃ ዑደት ልምዓት ደኣንት ኣብ ኮዋሽ ዲዛይን ደረጃ** | |
| | • ምዝርዛር መዳርግቲ ኣካላት እንኮላይ ተግባርን ሓላፍነትን | ክፍሊ 4.1.1 |
| | • ኣብ መዳርግቲ ምዕባይ ግንዛበ | ክፍሊ 4.1.2 |
| | • ምግዋሕን ምልላይን ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ደኣንት | ተሃድሶ ሕዛል 2 |
| | • ረቛሒ መምረፂ ኢንተርፕሪየነር | ክፍሊ 4.1.3 |
| | **ፕሮጀክት ደረጃ ዑደት ልምዓት ደኣንት ኣብ ኮዋሽ ትግበራ ደረጃ** | ክፍሊ 4.1.4 |
| | • ደኣንት ምጥያሽ ወይም ምጥንኻር | ክፍሊ 4.2.1 |
| | • ክፍተት ዓቕሚ እነትርፕሪየነር | ክፍሊ 4.2.2<br>ሕዛል 5 |

| | | |
|---|---|---|
| | • ምዕባይ ዓቕሚ ኢንተርፕሪየነር | ክፍሊ 4.2.3<br>ሕዛል 6-12 |
| | • ምህርትን ምሕጋዝን ስራሕቲ | ክፍሊ 4.2.4<br>ሕዛል 13 |
| | • ስትራተጂ ዕዳጋ | ክፍሊ 4.2.5<br>ሕዛል 14 |
| | • ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ደኣንት ፍቓድ ምሃብ | ክፍሊ 4.2.6 |
| | **ብኮዋሽ ክትትል ዝግበረሎም ፕሮጀክትታት ደረጃ ዑደት ልምዓት ደኣንት** | |
| | • ደረጃ ክትትል፣ ኦዲትን ፀብፃብን | ክፍሊ 4.3 |
| | • ምስናድ | ክፍሊ 5 |
| | ምንቅስ ቓስ ጥረ ገንዘብ /ጂኦኤፍን ጂኢኢ/ | |
| | • ፍሰት ገንዘብ | ክፍሊ 6<br>ሕዛል 15 |

ሕዛል 2. ሰነዳት 1.ዋና ዋና 3ይ ዙር ነጥብታትኮዋሽ፣ 2.መምርሒ ብሄራዊ ዕዳጋ ፅሬት፣ 3. ብሄራዊ ጥዕናን ከባቢያዊ ስነ ፅሬትን ስትራተጂ፣ ንናይ መወዳእታ መተግበሪ ማንዋል ደኣንት ዋሽ፣

ብደረጃ ክልል፣ ዞባን ወረዳን ዝወሃቡ ብኮዋሽ ዝድገፉ ስልጠናታት እንትህልዉ ካብቶም ተሳፍቲ ስልጠና መረዳእታ ቁፅሪ ጉድኣት ኣካል ምሓዝ የድሊ፡፡ ዕላማኡ ኣብቲ ስልጠና ተሳተፍቲ ዝኾኑ ጉዱኣት ኣካል ንምውሳን እዩ፡፡ ከምዚ ዝበለ መረዳእታ ምስቲ ዝቐርብ ፀብፃብ ክልላዊ ድጋፍ ክፍሊ ክካተት ኣለዎ፡፡ነዚ ተባሂሉ ብኮዋሽ ዝተዳለወ መሐበሪ/ቼክ ሊስት/ ምስቲ መምርሒ /እንግሊዝኛ፣ ኣምሓርኛን ኦሮሚኛን/ ተታሒዞም ኣለዉ፡፡

ሕዛል 3. መሐበሪ /ቼክ ሊስት/ንስልጠና መቆፃፀሪ

ቅድሚ ምዝዛም ስልጠና መዳርግቲ ኣካላት ወረዳን ዞባን ሕድ ሕድ መርኣያ ፕሮጀክት ወረዳ እቲ ትግበራ ንምጥያሽ/ምጥንኻር ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ደኣንት ሓበራዊ ዝርዝር መተግበሪ ትልሚ የዳልዉ፡፡

ነዚ ትልሚ ዝኸውን ናሙና ምስ እዚ መምርሒ ተታሒዙ ኣሎ፡፡

**ሕዛል 4 ናሚና ትልሚ ንኮዋሽ ደኣንት ምጥያሽ**

### 4.1.3 ምፍላጥን ምልላይን ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ደኣንት

መንእሰይ ልዕሊ 18 ዓመት ዕድመ/ጓል ኣንስተይቲን ጉዱኣት ኣካልን ደኣንት ንምጥያሽ ይልለዩ ወይ ይመርፁ /ይዝርዘሩ፡፡ብሕልፊ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣመራርሓ ኣብተን ኢንተርፕራይዛትን ጉዱኣት ኣካልንክፋለጡን ክፍፀሙን ኣለዎም፡፡

ነዞም ብሓዱሽ ዝተጣየሹ ኢንተርፕራይዛት፣ ኣብ ሕድ ሕድ ኢንተርፕራይዝ ዝህልው ቁፅሪ ኣባላት ክበዝሕ ብወረዳ ዘእምን ነገር እንተዘይቀሪቡ ብኮዋሽ ኣብ ሕድ ሕድ ኢንተርፕራይዝ ካብ 5-7 ኣባላት እንተኾኑ ይምረፅ፡፡ እንተነኣሰ እቶም ዝለዓሉ ክልተ ናይ ኣመራርሓ ቦታ ብደቂ ኣንስትዮ ክተሓዙ ግድን እዩ፡፡እዞም ኣመራርሓ ደረጃ እዚኦም ድማ 1.ኣዶ መንበር/ዋና ኣካያዲ ስራሕ/ማኔጂንግ ዳይሬክተር/ንተሓዚት ገንዘብን /ፋይናንስ/ እዮም፡፡ ኣብ ከም ሓዱሽ ዝተጣየሹ ደኣንት እንተነኣሰ 40% ኣባላት ደቂ ኣነስትዮ ይኾና፡፡

ንመምረፂ ኣመራርሓ ንኢንተርፕራይዝ ምስ ስብጥር ኢንተርፕራይዝ እዞም ዝስዕቡ ይሓውስ

**ንዕዳጋ ፅሬት ዓይነት ቢዝነስ** (Sanitation marketing)

- ኣርቲዣን ካብ 5 ክሳብ 7 እንተነኣሰ ናይ 45 መዓልቲ ናይ ተግባር ስልጠናንብዝምልከቶ ትካል

**ንዕዳጋ ፅሬት+ ፅገና ግልጋሎት ማይ ዓይነት ቢዝነስ**

- ኣርቲዣን ካብ 4 ክሳብ 6 ኣባላት እንተነኣሰ ናይ 45 መዓልቲ ናይ ተግባር ስልጠናንብዝምልከቶ ትካል
- ኤሌክትሮሜካኒካል /1 ሰብ 10+1 ን ካብኡ ንላዕልን/

**ንኮንስትራክሽን፣ ዕዳጋ ፅሬትን ፅገና ግልጋሎት ማይ ዓይነት ቢዝነስ**

- ኣርቲዣን ካብ 4 ክሳብ 6 ኣባላት እንተነኣሰ ናይ 45 መዓልቲ ናይ ተግባር ስልጠናንብዝምልከቶ ትካል
- ኤሌክትሜካኒክ- /1 ሰብ 10+1 ን ካብኡ ንላዕልን/

**ንግልጋሎት ማይ ፅገና ዓይነት ቢዝነስ**

- ኤሌክትሪክ /ኤሌክትሪክ -/ካብ 3 ክሳብ 5 ሰብ10+1 ዝወድኡ ወይ ካብኡ ንላዕሊ/
- ኣርቲዣን2 እንተነኣሰ ናይ 45 መዓልቲ ናይ ተግባር ስልጠናን ብዝምልከቶ ትካል ዝረኸቡ

**ንቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑት ብማሕበር ተጠቀምቲ ማይ ዓይነት ቢዝነስ**

- ናይ ኣታሕዛ ሒሳብ ስራሕ ልምዲ ዘለዎም ሰባት
- ናይ ዕዳጋ
- መሸጣ ሰብ /2 ምፅሓፍን ምንባብን ዝኽእሉ+ብዛዕባ መለዋወጢ ኣቑሑት ኣፍልጦ ዘለዎ

እዚ ክፍፍል ስራሕኣብ መንጎ ኣባላት እንኮላይ ናይ መሸጣ ሰራሕተኛ፣ ንብረት ሓላዊ /እንተድልዩ/ ን ዝኣምሳሉን ብኣባላት ሕድ ሕድ ጉጅለ ይውሰንን ኣብቲ ብኣባላት ዝፀድቕ ሕገ ደንቢ ይውሰኽን፡፡

ምፍላጥን ምልላይን ዋኸ ደኣንት ብኤጀንሲ ልምዓት ደኣንት ወረዳ ምስ /ቤት ፅሕፈት ቴክኒክ፣ ሞያን ልምዓት ኢንተርፕራይዝ /ኤጀንሲ ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢን ፈጠራ ስራሕን ከተማ ምስ ኣብያተ ፅሕፈት ማይ፣ ጥዕና፣ ጉዳይደቂ ኣንስትዮን ህፃናትንስራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን ብምትሕብባር ይፍፀም፡፡

## 4.1.4. መምረፂ ረቛሒ ንምጥያሽ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ኢንተርፕራይዛት

- ቦታ ኣመራርሓ ብደቂ ኣንስትዮ ይትሓዝ፣ /እዶ መንበርን ፋይናንስን ግድን/ ኮይኑ ሓደሽቲ ንዝጣየሹ ደኣንት 40% ይሕዝ፡፡
- ብወረዳ መእመናይ እንተዘይሃልዩ ብሓዱሽ ዝጣየሹ ኢንተርፕራይዛት ካብ 5- 7 ኣባላት ይህልዎ፡፡
- ነቲ ስራሕ ብቑዕ ክሳብ ዝኾኑ ኣካል ጉዱኣት ኣብ ግምት ይኣቱ፡፡

[16]ማሕበር ተጠቀምቲ ማይ ዝቑፀሮም ቀዋሚ ሰራሕተኛታት እዚ ናይ ኢንተርፕራይዝ ሞዴል ከምዘየድሊ ይፍለጥ እዩ፡፡

- ኣብ ዕደ.ጋ ፅሬትን/ወይ ኣብ ቢዝነስ ስራሕቲ ፅገና ግልጋሎት ማይ ንክዋፈሩ ድልየት ዘርእዩ ኣታዊ ጥራሕ ንምእታው ዘይኮነ ኣብ ዓሚላት ቀፃልነት ንዘለዎ ግልጋሎት ዋሽ ኣስተዋፅኦ ንምግባር'ውን እዩ፡፡
- ብጉጅለ ንምስራሕ እወንታዊ ኣረኣእያ ዘለዎ /ምስ ኣባላት ካልኦት ኢንተርፕራይዛት/ንብዙህነት ዝቕበልን /ስርዓተ ፆታ፣ ጉዱእ ኣካልዝሓውስ፣ ዕድሜን ሃይማኖትን ዘይፈሊ/
- ጉጅላዊ ሓድነት ንምፍጣርን አድለይቲ ሕግታትን መምርሒታትን ዘለዎ
- ሓዱሽ ዓይነት ኣሰራርሓ ቢዝነስ እንኮላይ ምጉልባት ፍሉይ ክእለት ቢዝነስ ንምምሃር ክእለትን ድልየትን ዘለዎ፣ ቴክኖሎጂ ንምሕላፍ፣ ስልጠና ካይዘንን ኢንተርፕሪየነርሺፕስልጠና ንምውሳድን ብመሰረት እዚ ተግባራዊ ዝገብርን፣
- ኣብቲ ከባቢ እንተነኣሰ ክልተ ዓመት ነዋሪ ዝነበረ፣
- ንብረት እቲ ጉጅለ ካብ ምጥፍፋእ ዝከላኸል፣

## 4.2 ደረጃ ትግበራ

### 4.2.1 ደኣንት ምጥያሽ /ምጥንኻር

ኣብ ሕድ ዘሎ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ሕድ መርኣያ ወረዳ እንተበዝሑ ክልተ ኢንተርፕራይዛት ይጣየሹ፡፡ ምስ ምሃብ ግቡእ ግምት ኮዋሽ ኣብ ምድጋፍ ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑት ጥራሕ ንዝሰርሑ ኣይድግፍን፡፡እዞም ኣብ ሕድ ሕድ ወረዳ ዝህልዉ ክልተ ኢንተርፕራይዝ "ዕዳ.ጋ ፅሬት(sanitation marketing)" ከም ሓደ ዓይነትን "ፅገና ግልጋሎት" ከም ካልእ ዓይነት ቢዝነስ እዮም፡፡ ከም መማረፂ ኣብዞም ክልተ ኢንተርፕራይ ህንፀት ቀረብ ግልጋሎት ማይ ክውሰኽ ኮዋሽ ይመክር፡፡

ምይይጥ ምስ ክልላዊ መዳርግቲ ኣካላትንምክያድ ስልጠና ትልሚ ደኣንት ኣብ ኮዋሽን መሰረት ብምግባር ኣብ ሕድ ሕድ ክልል እዞም ዝስዕቡ መማረፂታት ተቐሚጦም ኣለዉ፡፡

**ሰደቓ 6 ፡ ኣብ ሕድ ሕድ ኮዋሽ ክልል ዓይነት ዝጣየሹ ኢንተርፕራይዛት**

| ሽም ክልል | ዝርዝር |
|---|---|
| ኣምሓራ | **አርባዕተ ወረዳታት**-ኣብ ሕድ ሕድ ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ ኣብ፣<br>ዕደ.ጋ ፅሬት ጥራሕ<br>ወይ ዕዳ.ጋ ፅሬት ፅገና ግልጋሎት ማይን ቀረብ መለዋወጢ አቑሑትብምጥማር /እቲ መለዋወጢ አቑሑት ብወረዳ ቤት ፅሕፈት ማይ ንኢንተርፕራይዝ ክቐርብ እንተኾይኑ/ወይ ቢዝነስ ዕዳ.ጋ ፅሬትን "ገና ግልጋሎት ማይን ብምጥማር |
| ቤንሻንጉል ጉሙዝ | **ክልተ ወረዳታት**-ሓደ ኢንተርፕራይዝ ኣብ ሕድ ሕድ ወረዳ ኣብ ህንፀት ዕደ.ጋ ፅሬትን ፅገና ግልጋሎት ማይ ቢዝነስ<br>- ኣብቲ ተመሳሳሊ ወረዳ ዝርከቡን ብኮዎሽ ዝድገፉ ማሕበር ተጠቀምቲ ኤስፒኤስ ዝጅምርዎ ዕዳ.ጋ ፅሬት ጥራሕ፣ |
| ኦሮሚያ | **ሓሙሽተ ወረዳታት**- ሓደ ኢንተርፕራይዝ ኣብ ሕድ ሕድ ወረዳ ኣብ ዕዳ.ጋ ፅሬት ጥራሕ<br>ወይ ኣብ ቢዝነስ ዕደ.ጋ ፅሬትን ፅገና ግልጋሎት ማይ ብምጥማር ዝሰርሑ |
| ህዝብታት ደቡብ | **ሓሙሽተ ወረዳታት**- ሓደ ኢንተርፕራይዝ ኣብ ሕድ ሕድ ወረዳ ኣብ ህንፀት ዕደ.ጋ ፅሬትን ፅገና ግልጋሎት ማይ ቢዝነስ<br>ኣብቲ ተመሳሳሊ ወረዳ ዝርከቡን ብኮዎሽ ዝድገፉ ማሕበር ተጠቀምቲ ኤስፒኤስ ዝጅምርዎ ዕዳ.ጋ ፅሬት ጥራሕ፣ |
| ትግራይ | **ክልተ ወረዳታት**- ክልተ ኢንተፕራይዛት፣ እዚ'ውን ብተናፀል ቢዝነስ ጉጅለ ንዕደ.ጋ ፅሬትን ፅገና ግልጋሎት ማይቢዝነስ /ኣብ ሕድ ሕድ ወረዳ ኣብ ፅገና ግልጋሎት ማይ ተጣይሾም ዝፀንሑን ኣብ ስራሕ ዝርከቡን፡፡ ኮዋሽ ነዚኣን ቢዝነስ ጉጅለ ኣብ ከጠናኽረን እዩ/<br>**ሓደ ወረዳ**- ምጥንኻር ጉጅለ ቢዝነስ ዕዳ.ጋ ፅሬት |

### 4.2.2 ናይ ኢንተርፕረኑራት ክፍተት ዓቕሚ ዳህሳስ

ካብ 5 ክሳብ 7 ኣባላት ዘለዎም ጉጅለታት ተመሳሳሊ ቴክኒካዊ ክእለት ኢንተርፕሪየነር ከምዘይብሎም ርዱእ ኾይኑ እዚ ድማ ብምኽንያት ድሕረ ባይታ ሞያ ጥራይ ዘይኮነ ግን እንኮላይ ኣፈላላያት ዕድላት ሕድ ሕድኣባል ጉጅለ  ስለዝኸውን ዘድሊ ፍልጠት ተግባራዊ ምግባር የድሊ፡፡ ስለዝኾነ ናይ ኣባላት ቴክኒካዊን ኢንተርፕሪየነር ክእለትን ዳህሳስ ብናይ ወረዳ ኤጀንሲ ልምዓት ደኣንት/ልምዓት ቴክኒክ፣ ሞያንን ትምህርትን /ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢንፈጠራ ስራሕን ምስ ወረዳ ቤት ፅሕፈት ማይን/ወይ ወረዳ ቤት ፅሕፈት ጥዕና

ሕዛል5፡- ናይ ኢንተርፕሪየነር ክፍተት መዳህሰሲ ፎርም

### 4.2.3፡- ምዕባይ ዓቕሚ /ህንፀት/ ኢንተርፕሪየነራት /ስራሕ ፈጠርቲ/

**ሀ. ስልጠና-** ኣብቶም ዝተረኸቡ ክፍተት መሰረት ብምግባር ዓቕሚ /እቶም ኢንተርፕረየነር ቴክኒክ፣ልምዓት ክእለት ቢዝነስን ስልጠና ቅድሚ ምጅማር ቢዝነስ ምሃብ፡፡

**ስልጠና ምጉልባት ክእለት፡-** ኣብዚ ሐዚ እዋን ሚኒስቴር ጥዕና ምስ ባንኪ ዓለም ብምትሕብባር ኣብ ዝተመረፁማኸላት ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ኣብ ሕድ ሕድ ክልል ስታንዳርዳይዝድ ስልጠና ኣብ ዕዳጋ ዕሬት ንዝሰርሑ ስልጠና ሂቡ እዩ፡፡ ብመማረፂ እቲ ብኮዋሽ ዝድገፍ ኢንተርፕራይዛት በዞም ማእኸል ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናንብምፍራይ ስላብ፣ ካይዘን፣ ሽግገር ቴክኖሎጂን ኢንተርፕሪየነር ስልጠና ን15 መዓልቲ በዞም ማእከላት ይስልጥኑ፡፡

ኣብ ፅገና ግልጋሎት ማይ ንኣባላት በቲቪኢቲ /ኣድላይ እንተኾይኑ ካብ ቤት ፅሕፈት ማይ ብምዕዳም/ ወይ ብቤት ፅሕፈት ወረዳ/ዞባ ማይ/ካብ ቲቪኢቲ ሰራሕተኛታት ብምዕዳም/  ኣድላዪ ተግባራዊ ክእለት ንክሰንቁን ስራሕቲ ፅገና ብኢድ ዝተኹዓቱ ጎዳጉዲ  /ዩ-ማህተም//ኦ-ቀለቤት፣ ቦቢን፣ ሲሊንዴር፣ ፒቪሲ፣ ፕላንጀር፣ ፓንፕ/ ዓይኒ  ማይ፣ ዓሚቕ ጉድጓድ፣ ግልጋሎት ገጠር ቡንቧ፣/ካብ ዓይኒ ማይን ዓሚቕ ጉድጓድን/፣ መስኖ ፓምፕታትን ዝመሳሰሉን ብባዕሎም ንክፅግኑን ብተኻናኸንቲ(caretaker) ዓይነት ስልጠና ይስልጥኑ፡፡

ብቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ዝሳለጡ ዝወሃቡ ስልጠና ተሳተፍቲ በቲ ዝሰልጠንዎ ኣፍልጦ ክወሃቦ ትፅቢት ይግበር፡፡

## ስልጠና ክእለት ስራሕ ፈጠራ ኢንተርፕሪየነር

እቲ ኣገዳሲ ትካል፣ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ወይ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ደኣንት ነቶም ኢንተርፕሪየነራት ኣብ ክእለት ቢዝነስ፣ ካይዘን፣ ርክብን ኣመራርሓን ኣመልኪቱ ስልጠና ይህብ፡፡ ንስልጠና ዝምልከቱ ቦታታት ዕዳጋ፣ ኣታሕዛ ሒሳብን ፋይናንሳዊ ምሕደራን ዝምልከቱ ስልጠናታት እውን ኣካል እዚ ኢንተርሪየነር ስልጠና ምኻኖም ርዱእ እዩ፡፡

ኮዋሽ ግንዛበ ኢንተርፕሪየነራት ኣብ ቢዝነስ ሞዴል ካናቫስ /ቢኤምሲ/ከም ኣካል ኢንተርፕሪየነርሺፕ ስልጠና ንምግባር ይደሊ፡፡ ቢኤምሲ ትሸዓተ ህንፃታት ኢንተርፕራይዛት ከመይ ከምዝሰርሑን ቀፃልነት እቲ ቢዝነስን ክረጋገፅ ኣለዎ፡፡ እቲ ሞዴል ዝተኣታተወ ንዝኾነ ዓይነት ቢዝነስ /ደቀቕትን ኣናእሽተይን ኢንተርፕራይዛት/ ን እዚ'ውን ቅደሚ ትልሚ ንግዲ ቅጥዒ ኣጠቓቕማ ሕፅር ዝበለ ናይ ሕድሕድ ትካል ሓባሪ /ሕዛል/ ኣብዚ መምርሒ እዚ ተተሓሒዙ ይርከብ፡፡

ቅደሚ ትልሚ ንግዲ ቅጥዒ ኣጠቓቕማ ሕፅር ዝበለ ናይ ሕድሕድ ትካል ሓባሪ /ሕዛል/ ኣብዚ መምርሒ እዚ ተተሓሒዙ ይርከብ፡፡

ሕዛል 6**መግለፂ ቅጥዕታትን ሞዴል ንግዲ ካንባስ**

ከም ሓደ መሰልጣኒ ምህዞ መሓዝቲ /ኢንተርፕሬነር/ ክፈልጥዎ ዝግባእ ብዛዕባ ስግኣት ንግዶም ክሪኢዎ ዝግባእ /ናይ ኣጋጣሚ ስሌታት ምስላሕን ከመይ ገይሩ ነቲ ንግዲ ከምዝፀልውዎ/ ስለዝኾነ ትልሚ ስግኣት ኣመራርሓ ክህልዎም ኣለዎ፡፡ እቲ ስግኣት ንግዶም ምእንታን ከይበፅሕ፡፡ ዳህሳስ ስግኣት ኣብ ሕድሕድ 9 ብሎክ ህንፃታት /ቴሌ ሜዴል ትልሚ ካምፓስ/ ብውሱን ጊዜያት ፈሊካ ብምርኣይ /ዳህሳስ ስግኣት ምክያድ/ ፅልዋታት ንምግማት ዓይነት ስግኣት ቀደም ሰዓብን/ ከምኡ እውን ግብረ መልሲ ምምሕያሽ ትልሚ ንግዲ ንሰፈሑ ንምግላፅ ናይ 9 ህንፃታት ስግኣት 9 ብሎክ ህንፃታት ብ3 ዓበይቲ ስግኣታት ምግላፅ ይክኣል፡፡ ንሳቶም እውን፡- ስግኣት ቅየሳ፣ ስግኣት ፅዳጋ፣ ፅቋር ስግኣት፣ ኣብ ሕድሕድ ካታጎሊ ኣብ ምምሕያሽ ዝተወሰደ ስጉምቲ ምስዚ ሓባሪ /ሕዛል/ ከም ኣብነት /ምሳሌ/ ኣብ ሕድሕድ ትካል

ሕዛል 7**ዳህሳስ ስግኣት ኣመራርሓን መርኣያ ትልምን**

# ምድላው ትልሚ ቢዝነስ

ቅድሚ ክእለት ምሃዛይነት ስልጠና ምሃብ ሰልጠንቲ ምስ ትልሚ ንግዲ ሓበሬታ ንድፊ ፅሑፍ ብሞዴል ካንቫስ ከምኡ'ውን ዳህሳስ ትልሚ ስግኣት ፅማቕ ትሕዝቶ ናይ ክልቲኡ ዓይነታት /ሓደ ካብ ዓለም ባንኪ ዝተወሰደን እቲ ካሊእ ካብ ኤጀንሲ ኣምሓራ ቴክኒክን ሞያን ልምዓት ኢንተርፕሬነር ከም ሓባሪ ኣብዚ ማንዋል እዚ ተተሓሒዙ እዩ፡፡ እቲ ትካል ካብ እቶም ዝተቐረፁ ክልተ ኣገባባት በቲ ሓደ ምድላው ትልሚ ንግዲ ምስራሕ ይከኣል እዩ፡፡

ሕዛል 8 ንድፊ ትልሚ ቢዝነስ

**ለ. ተበፀሓይነት ፍርያትን ቀፅሪ መሸጢን**

ልምዓት ትካላትን ደቀቕትን ኣናእሽተንን ቤት ፅሕፈት ነተን ዝተጣየሸ ትካላት ምህርተንን መሸጣ ዕዳግኣን ናይ ምምችቻው ግዴታ ከምዘለዎ ርዱእ እዩ፡፡ ፡፡ በዚ መሰረት ኣብቶም ዝተመረፁ መርኣያ ወረዳታት ሓደሽቲ ዝተጣየሹ ጉጅለ ነጋዶ /ቢዝነስ ጉጅለ/ ኤጀንሲ ሙችው ከባቢ መፅለሊ ገዛን ንዕዳጋ ፅሬትን ገዛ ክህልዎ ኣለዎ፡፡

ዝምቹ ቀፅሪ ኣብ ዘየለሉ እዋን ምስ ፅገናግልጋሎት ማይ ኣብ ምችውነት ዘይብሉ ከባቢ መርኣያ ወረዳ ኮዋሽ ንህንፀት /መፅለሊ ግብኣት ወፃኢ ንዕዳጋን ጥራሕ ምስ ጉጅለ ፅገና ግልጋሎት ማይ ነጋዶ ነቲ ከይዲ ምስላጥ- ምትግባር ኮዋሽ ቢዝነስ ነቲ መፅለሊ ዝኸውን ገዛ ናይ ግብኣት ህንፀት መጠን ዲዛይን የዳልው፡፡ ኤጀንሲ ልምዓት ትካላት ደቀቕትን ኣናእሽተንን/ ልምዓት ቴክኒክን ሞያን ኢንተርፕራይዝ ብምትሕብባር ምስቲ ወረዳ ቤት ፅሕፈት ጥዕና ናይ ህንፀት ግዝኢት ምምራሕን ሓይሊ ሰብ ኮንትራክት ምሃብን በዓል ሞያታት መሃንዲሳት ሓደ ገዛ መፅለሊ ዘለዎ ከም ቤት ዕዮ መኻዚኖ መሕደሪ እንስሳታት ህንፃ፣ በዓል ዋና ኤጀንሲ ልምዓት ትካላት ደቀቕትን ኣናእሽተንን / ቤትፅሕፈት ልምዓት ቴክኒክን ሞያን ኢንተርፕራይዝ ናይቲ ገዛ ህንፃ ዲዛይን ምስ ግብኣት ወፃኢ መጠን ንዕዳጋ ፅሬት ጥራሕ ወይ መውህቢ ጉጅለ ፅገና ግልጋሎት ማይ ነጋዶ ተተሓሒዙ ከም ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ቢዝነስ መምርሒ እዚ ይርከብ፡፡

ሕዛል 9፡**ዲዛይን ሼድ ምስ ዝርዝር ዋጋ**

ምስ መጠን ወፃኢ ናይ ፅሑፍ ውፅሊ ምስ ጉጅለ ቢዝነስ፣ ኤጀንሲ ልምዓት ደቀቕትን ኣናእሽተንን ኢንተርፕራይዝ፣ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ቴክኒክን ሞያን ኢንተርፕራይዝ ናይቲ ገዛ ኣጠቓቕማ

ዝምልከት ማለት'ውን ንዝተወሰነ ዓመታት ብኤጄንሲ ተተሓሒዙ ናይ ደቀቕትን ኣናእሽተንን ኢንተርፕራይዝ ከም ዝወፀ ልምዓት ፖሊሲ /መጋቢት 2004/ ክሳብ 2008 እቲ ኹነታት ምችውነት ብምግንዛብ ኤጄንሲ ትካላት ደቀቕትን ኣናእሽተንን ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ጉጅለ ቢዝነስ ፅሬት እብቲ ነፍረዪ ቦታ ቢዝነስ ካብ ርሑቕ ዝመፅእ እንተኾይኑ ወረዳ እቲ ህንፃ ዋና ከተማ ናይ መሸጢ ማእኸል ኮይኑ የገልግል፡፡

**ሕዛል 10፡መርኣያ ውዕሊ ፅሑፍ ኣብ መንጎ ኤጀንሲ ልምዓት ደቀቅትን ኣናእሽትን ኢንተርፕራይዝ**

ኣብ ቤንሻንጉል ጉሙዝ ብመርኣያነት ኮዋሽ ንመኻዚኖ ህንፀትን ቀረብመለዋወጢ ኣቕሑትን ደገፍ ክገብር እዩ፡፡ ናይቲ መኻዝን ዲዛይን ኣብቲ ቢሮ ሃፍቲ ማይ ምስተወሰነ በቲ ህልው ኩነታት ተሞኩሮ ወይ ዝተኸለሰ ናይ ንድፌ ሓሳብ መኻዝን ብከዋሽ ፍልፍል ሃፍቲ ከምዝፈቐደ መሰረት ኣብ ትግበራ ይውዕል፡፡ ዝተኸለሰ ንድፌ ሓሳብ መኻዚን ኣብዚ መምርሒ እዚ ሕዛል ወይ ሓባሪ ተተሓሒዙ እዩ፡፡

**ሕዛል 11ዲዛይን መኽዝን**

ምስ መጠን ግብኣት ህንፃ እተን ትካላት ከምዝገመትኦ ፅገና ግልጋሎት ማይ ኤጀንሲ ልምዓት ትካላት ደቀቕትን ኣናእሽተንን፣ልምዓት ቴክኒክ ሞያን ኢንተርፕራይዛት ፣ ኤጀንሲ ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢን ፈጠራ ስራሕን ወይ ቤት ፅሕፈት ማይ ወረዳ ንዝተወሰነ እዋን ከም ቢሮ ክጥቀሙሉ ይህቦም፡፡

| ክልል | መርኣያ ወረዳታት | ገዛ /መፅለሊ/ ደቀቕትን ኣናእሽተንን ትካላት ወይ ግልጋሎት ማይ ፅገና ጉጅለ | መኻዚን ቀረብ መቀያየሪ ኣቑሑት |
|---|---|---|---|
| ኣምሓራ | ጎጉሳ | 1 | |
| | ሸኩዳድ[17] | | |
| | ኣንከሻ | 1 | |
| | ባሶና ወራና | 2 | |
| | ኣንፆኪያ ገመዛ | 1 | |
| ቤንሻንጉል ጉሙዝ | ባንባሲ | 1 | 1 |
| | ኦዳ | 1 | 1 |
| ኦሮሚያ | ከርሳ | 1 | |
| | ጉማይ | 1 | |
| | ኖኖ በንጅያ | 1 | |
| | ኣቢጬ ነግያ | 1 | |
| | ጂዳ | 1 | |
| ደቡብ ህዝቦች | ኣርባ ምንጭ ዙርያ | 1 | |
| | ዱና | 1 | |
| | ኣርቤጎና | 1 | |
| | ኢሳራ | 1 | |
| | ቶቻ | 1 | |
| ትግራይ | መደባይ ዛና | 1 | |
| | ታሕታይ ማይጨው | 1 | |
| | እንዳመኾኒ | 1 | |
| ጠ/ድምር | | 20+1[18] | |

------------------------------------

[17]እቲ ወረዳ ነቲ ሓደሽቲ ዝተጣየሹ ትካላት እናመርሐኣብ ኢዱ ዘሎ መቀያየሪ ብምምሕዳር እቲ ንድፌ ሓሳብን ብምምሕያሽ እቶም ኣቕሑት ከማልእ ይኽእል እዩ፡፡

